# ግደ ጉማየ ኣብ ምግላፅ መንነት መዋቕራውን ኣገልግሎታዊ ለውጥን ኣብ ወጀራትን ራያን*

ሃይለ ገዛኢ*

**ፅሟቕ ሓሳብ: -**እዚ መፅናዕቲ ኣብ ከባቢ ወጀራትን ራያን ብዘመናዊ ፅንሰ ሓሳባት መንነት ብምጥቃም ጉዕዞ ጉማየን ኣብ ከይዲ ዝተኸሰቱ መዋቕራውን ኣገልግሎታውን ለውጥታት ንምድህሳስ ይሙክር፡፡ መንነት ዝፍጠረሉም መልዐሊ ምኽንያታት፣ ብመልክዕ ጉማየ ዝተንፀባረቑሉም መንገድታትን ከምኡ እውን ኣብ ከይዲ ታሪኽ ኣብ ልዕሊ ጉማየ ዝተኸሰቱ መዋቕራውን ተግባራዊ ግልጋሎታዊ ለውጥታትን ምርኣይ ድማ ቀንዲ ዕላምኡ እዩ፡፡ እዚ መፅናዕቲ ጉማየ ኣብ ምፍጣርን ምግላፅን መንነት ዝህልዎ ግደ ብምድህሳስ ሕዚ ዘለሉ ብርኪ ከመላኽት ይእምት፡፡ ጉማየ ኣብ ምግላፅ መንነት ዝጥቀመሉም ብዙሓት መንገድታት ከም ዘለውዎ እውን ተስተብሂልሉ ኣሎ፡፡ ትሕዝቶ እቲ ግጥሚ፣ ክዋንኡን ዜማኡን ኩሎም ሓቢሮም ኣብ ምግላፅን ምፍጣርን መንነት ትእምርታዊ ውክልና ብምውሳድ ቀንዲ መብሃሊ መንገዲታት ኮይኖም ንረኽቦም፡፡ እቲ መፅናዕቲ፣ ጉማየ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ዓሌታዊ ዝብሃሉ መዋቕራትን መስርሓትን ብምድናቕ፣ ብምውቃስን ብምእራምን ኣብ ምቕራፅ ሕብረተሰባዊ መስተጋብር ናይ ባዕሉ ግደ ከም ዝፃወት የርኢ፡፡ ብዝተትሓሓዘ ድማ ኣብ ከይዲ ታሪኽ፣ ጉማየ ብዙሓት መዋቕራውን ኣገልግሎታውን ለውጥታት ሓሊፉ ኣብዚ ሕዚ ዘለሉ ደረጃ ጥበባዊ ምዕባለ ይርከብ፡፡

ቁልፊ ቓላት፡-ጉማየ፣ መንነት፣ ስነ-ፅሑፍ፣ ባህሊ፣ ወጀራት ፣ ራያ

## ከም መእተዊ

ስነቃል ኣብ ከይዲ ታሪኽ፣ ብርኪ ዕብየት፣ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ፣ ቁጠባዊ መስተጋብራትን ማሕበራዊ መዋቕራትን ኮታስ ፍልስፍና ህይወት ሓደ ሕብረተሰብ ዝንፀባረቐሉ ቃላዊ ሃፍቲ ህዝቢ እዩ፡፡ በዚ ሃፍቲ እዚ ድማ ወለዶታት ይመሃሀርሉ፣ ይተኣራረምሉ፣ይወዳደስሉን ኣረኣእየኦም ይለዋወጥሉን፡፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወት ደቂ ሰባት ወለዶታት ሓሊፎም ወለዶታት እዮም ዝተኻኽሉ እሞ ስነ ቃል እውን እጃሙ ብዘይ ምርሳዕ ቅዱም ታሪኽን ፍልስፍናዊ ኣተሓሳስባን ቅዱማት ወለዲ ናብ ተረከብቲ ወለዶታት ብምትሕልላፍ ከም መሰጋገሪ ድልድል ኾይኑ የገልግል፡፡ ኣብ ከይዲ ብዓልቤት እቲ ስነ ቃል ዝኾነ ሕብረተስብ እንትልወጥ ብኡ ልክዕ ስነ ቃል እውን ይልወጥ፣ ይዓቢ ወይ እውን ይደክምን ይጠፍእን፡፡ ስለዚ ስነ ቃል ኣካል ባህሊ ሓደ ሕብረተሰብ ኮይኑ ኣብ ከይዲ ጉዕዞ ህይወት ዝፍጠርን ዝዓብን ነዊሕ ዘበን ዝፀንሐን ዘሎን ኣካል ስነፅሑፍ እዩ፡፡

ህዝቢ ትግራይ ከምቲ ካሊእ ህዝቢ ዓለም ባህሊ ስነፅሑፉ ኣብ ዘይማዕበለሉ እዋን ነዋሕቲ መዋእላት ታሪኽ እንትሓልፍ ኣብ ከይዲ ጉዕዞ ህይወት ዘጋጥሙዎ ተጓንፎታት ማለት እውን ሓዘን፣ ሓጎስ፣ ወፅዓ ምሕደራ፣ ቁጠባዊ ነውፅታት ወዘተ. ብስነ ቃል ኣቢሉ ከተሓላልፎ ፀኒሑን ኣሎን፡፡ ይኹን እምበር ኣብዚ ሐዚ እዋን (ዘበነ ጉሎባላይዜሽን) ምስ ዕብየት ሳይንስን ቴክኖሎጂን ተተሓሒዙ ዝመፅእ ክፍተት ባህሊ (cultural gap) ዓብዩ ስግኣት ስነ ቃል ኮይኑ ኣሎ፡፡ ኣብዚ ዘበን ማሕበረሰባዊ ርክብ ካብ ቃላዊ ናብ ቴክኖሎጂ እንትቐየር ቅርፅን ትሕዝቶን ስነ ቃል እናተዛብዐን ኢሉ እውን እናቅሃመን ይኸይድ ኣሎ፤ ይኹን እምበር እዚ ስግኣት ከም ስግኣት ተወሲዱ ዓብዩ ግምት ተዋሂቡዎ ብኣግባቡን ብስርዓትን መደብ ተታሒዙሉ ብፅሑፍ እንትስነድ ይኹን ዋዕላ ትውፊት ቃላዊ ሃፍትታት ትግርኛ ተባሂሉ ክካየድ ኣይርኣኹን እሞ ከምቲ ወለዲ ዝብልዎ **ድሕሪ ማይ ናብ በዓቲ** ከይኸውን እሞ መሊኦም ምስጠፍኡ ኣለሻ ከይንጅምር ቀዲምና ንፅዓር እብል፡፡

## ታሪኻዊ ኣመፃፅኣ ጉማየ

* ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ ስነ-ጽሑፍን ትግርኛ ረዳት ፕሮፌሰር

ጉማየ **"ጉማ"** ካብ ዝብል ቃል ከምዝመፅአ ብዙሓት ቃላዊ መረዳእታታት ወለዲ ይዝንተዩ።

ልሳነ አግዓዚ ዘሕም ግርማ ዝተብሃለ መዝገበ ቃላት ትግርኛ ጉማ "አቐዲሙ ዓይኒ ሬሳ ዘንቁር ዓይኒ ከየውፀአ ዘይበልዕ ጥምቢ ኣብ ዘለዎ ቦታ ዝርከብ ልዕል ኢሉን ኣርሕቑን ዝበርር ገጅፍ ኣሞራ" (1987:580) ኢሉ ይገልፆ።

እዚ ቃላዊ ሃፍትን መግለፂ መንነትን ህዝቢ ወጀራትን ራያን ዝኾነ ጉማየ ታሪኻዊ ኣመፃፅኡ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል።*

ኣብ ወጀራትን ራያን ቀደም **"ጋዝ"** ዝበሃል ዘመተ ነይሩ። እዚ ዘመተ ኣብ መንጎ ዓፋርን ወጀረቶትን ኢሉ ድማ ራየቶትን ዓፋርን እንተኾነ ብዋናነት ጀመርቲ ጋዝ ወጀረቶት ከምዝኾኑ ተሳተፍቲ እቲ ዘመቻ ዝነበሩ ወጀረቶትን ራየቶትን እማናቶም ይህቡ።ዘመተ ጋዝ ማለት ብሓይሊን ኵናትን ጥሪት ሓደ ወገን ምውራር እዩ። ዓፋር እንተስዒሮም ጥሪት ወጀረቶትን ራየቶትን ዘረፎም ይኸዱ ብግልባጡ ድማ ወጀረቶትን ራየቶትን እንተኣሸኒፎም ናይ ዓፋር ጥሪት ይዘርፉ።

ሓደ መዓልቲ ጋዝይቲ ናብ ቖላ(ዓፋር) ይኸዱ። ወጀረቶትን ዓፋርን ድማ ሓያል ውግእ ይጅምሩ ይበሃል። ኣብ ኩሎም ግንባራት እቲ ዘመቻ ወጀረቶት ብቶኽሲ የሸንፉ እሞ ዓፋር ይሃድሙ። ወጀረቶት እውን እናተኸታተሉ ይሰጉዎም። ዘመተ ጋዝ እንትካየድ መስዋእቲ፣ መቑሰልትን መሰል ተዛመድቲ ነገራቱን ኣይቐርን እዩ እሞ፣ ኣብ ሞንጎ እዚ ሓደ ወጀረታይ ግዳይ እቲ ሰለባ ኮይኑ ተወቒዑ ይወድቕ እሞ ብዙሕ ደም ይፈሶ። መዋግኢ ቦታ እናርሓቐ ከደ። ኩሉ ኣብ ቶኽሲ ተፀሚዱ ስለዝነበረ ቁሱላት ዘልዕልን ምዉታት ዝቐብርን ኣይነበረን። ድሕሪ እዚ ሓያል ቶኽሲ ዓፋር ስለዝሃደሙ እቲ ውግእ ዝተጀመረሉ ቦታ መዕረፊ ውጉኣትን ሙዉታትን ኮነ። ኣብዚ ግዜ እዚ ጉማ(ሮዉያ) ዝተብሃለ ዝሞተ ሰብ ዝበልዕ ኣሞራ ሬሳ ክበልዕ ይመፅእ። ብዙሕ ደም ዝፈሰሶ፣ ብሓያል ሃሩር ፀሓይ ቆላን ማይ ፅምእን ተሸኒፉ ንሞት ቁሩብ ዝቐረዮ ዝተወቕዐ ወጀረታይ ኣብ ማእኸል ሜዳ ለጥ በለ። ሽዑ ሬሳ ክበልዕ ዝመፀ ጉማ ካልኣይ ስግኣት እቲ ወጀረታይ ኮነ። ጉማ ስርሑ ክጅምር ናብ እቲ ወጀረታይ እንትፅጋዕ ነፍሲ እያሞ ወዮ ወጀረታይ ዘሎን ዘየሎን ሓይሉ ተጠቒሙ፦

*"ጉማየ ጉማየ*

*ብደወ ትለኹዶ ትበልዐኒ ብልኻየ"*

ኢሉ ፍርሑ ብመልክዕ ሓዘን (ብኽያት ነገር ስቘንቘን) ገለፀ። ትንፋሱ ከም ዘይሓለፈት ዝፈለጠ ጉማ ድማ በረረ። ድሕሪ ነዊሕ ውግእን ፃንሒትን ከይሞቱ ዝተመልሱ ወጀረቶት ዝሞቱ ክቐብሩ ንዝቖሰሉ ድማ ከልዕሉ እንትምለሱ መሓዙቶም ረኺቦም ሒዞምዎም ናብ ዓዶም እንትምለሱ እቶም ቁሱላት ድማ እንታይ ከም ዘጋጠሞም ተረኺሎም። ድሕሪ እዙይ ድማ ወጀረቶትን ራየቶትን እዚ መሕዘኒ ተጓንፎ እናተፃወቱ ናብ ጋዝ ይወፍሩ ነይሮም። ብዝተተሓሓዘ ጋዝይቲ ናብ ዘመተ ጋዝ እንትኸዱ ከም ዝስዕብ ኢሎም ***ይደርፉ*** ነይሮም ፦

*ሸሻይ ጉማ*

*መማሸይ ኦማሩየ*

ልዕል ክብል ከምዝተገለፀ ጉማየ ብስፍሓት ኣብ ከባቢታት ዞባ ደቡብን ደቡባዊ ምብራቕ ትግራይን (ወጀራትን እንደርታን) ዝዝውተር ቃላዊ ስነ-ፅሑፍ (oral literature) እዩ። ጥቕልል ብዝበለ መልክዑ ግደና መስፍን ንጉማየ ከም ዝስዕብ ይገልጾ።

> ጉማየ ሕዝኖታዊ ኣመፃፅኣ ዘለዎ ቃል እንትኸዉን ኣብ ዞባ ደቡብ ትግራይ ከባብታት ራያ ዝዝውተር ቃላዊ ዜማን ግጥምን እዩ።ጉማየ ኣፍላ ፍቕሪ መናእሰይ፣ወፅዓ ምሕደራ፣ኩነታት ኣዝመራ ሓደ ዘበንን ከባብን/ዘበናትን ከባብታትን፣ውልቃዊ/ ሓበራዊ እምነት… ብሓፈሻ ህይወት ራየቶት ዝገልፅ ሰራዊ ኣካል ስነ-ቃል እዩ። (2003:25)

ጉማየ ኣብ ከይድን መስተጋብርን ግዜ ኣገልግሎታውን መዋ‌ቕራውን ለውጢ ብምምፃእ ኣብ ዝተፈላለዩ ማሕበራውን ፖለቲካውን ዓውድታት እንትዝውተር ድማ ንረኽቦ። ጉማየ ኣብ ከይዲ ግዜ ኣብቲ ቅድም ኢሉ ዘይነበረ መሳርሒ ሙዚቃ (ጭራ ዋጣ) እውን እናሓኞፎ ተወሲኹ መዐጀብትን እናወሰኸ እና ዘመነ ይኸይድ ኣሎ። ብኡ ልክዕ ድማ ሓደሽቲ ክስተታትን መማቕርቲ ዝኾኑ ነገራት እናተኣናገደን ለውጢ ግልጋሎትን ቅርፅን ብምስፋሕ ኣብዚ ሕዚ ዘለሉ ብርኪ ጥበብ በፂሑ ንረኽቦ።[2]

ጉማየ ብባህርያቱ ሕዝኖታዊ ዝኾነ ድምፀትን ስምዒትን ዝሓዘለ ኮይኑ ቀስ ኢሉ ጀሚሩ ድምፀቱ እናወሰኸ ብምኻድ መዳመዒ ገዚኡ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ዘለዎ ኣካል ቃላዊ ስነ-ፅሑፍ እዩ። ጉማየ ኣብ ከይዱ፣ ብዙሓት ነገራት ኣጠቓሊሉ እናሓዘን እናገለፀን መንነትን መዋቕራትን ሕብረተሰብ ወጀራትን ራያን እናርአየ ኣብዚ ብርኪ እዚ በፂሑ ንረኽቦ። ጉማየ ለውጥታት ግልጋሎት ብምምፃእ ደርፊ ኮይኑ ኣብ ዕለታዊ ሓጎሳትን ድግሳትን ንሰምዖ ኣለና። ጉማየ፣ ዋላኳ ኣብዚ ሕዚ እዋን ደርፊ መሲሉ እንተመፅአ እውን እቲ ሕዝኖታዊ ዝመስል መልዐሊኡ ፈፂሙ ዝረስዐ ኣይመስልን፤ ሕዚ እውን እቲ ሕዝንዝንን(ስቑንቕን) መዋቕራዊ ከይዱን ኣይተቐየረን። ጉማየ ዝብሃለሎም ዓውዲታት ዋላኳ ብዙሓት እንተኾኑ ብቀንዱ ግን ብተናፀል ወይ ብጉጅለ ብመልክዕ ምልልስ ክቐርብ ይኽእል እዩ። ሓደ ሰብ ብሕታውነት እንትስምዖ፣ ኣብ ፅምዋ ቦታ እንትኾን ወይ እውን እንትጉዓዝ ወዘተ. ብሕታውነቱ፣ ፍቕሩ፣ ፀገሙን ሓሳቡን ንምርሳዕ ወይ እውን ንምግላፅ ክብል ጉማየ ክብል ይኽእል።

ብጉጅለ ዝብሃል ጉማየ መብዛሕቲኡ ግዜ ብቕብብል (ምልልስ) እዩ ዝቐርብን ዝበሃልን። እዚ ምልልስ መናእሰይ ብሓባር ኮይኖም (ክልቲኡ ወይ ሓድኡ ፆታ) ኣብ ዝኾነ ፍሉጥ ቦታ ብምውፃእ እናተቐባበሉ ፍቕሮም፣ ሓሳቦምን ዘበን ዘምጸኦም ክስተታትን ዝገልፅሉን ዝዘናግዕሉን ቃላዊ ስነ ፅሑፎም እዩ። ኣብዚ ዓይነት ጉማየ ተቐበልቲ ምቕባል ጥራሕ እንተይኮነስ መልሲ እውን ዝህብሉ ኩነታት ኣሎ። እዚ ማለት ከም ምልልስ ሙገሳ ወይ መልሲ ግብሪ ሓደ ወቐሳ ወይ ምንእኣስ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ዝብሃለሉ ኩነት ድማ ሽዑንሽዑ ወይ እውን ኣብ ካሊእ መድረኽ ክኸውን ይኽእል። ዘይሩ ዘይሩ ግን መን ንመን እንታይ ከምዝበለ ኣብ በረኻ ወይ ጉማየ ኣብ ዝብሃለሎም መድረኻት ምድራፉ ኣይቐርዮን ብኡንብኡ ድማ ሰብ እናተቐባበለ እቲ ግጥሚ ናብ ዝጥዕሞ እናቀየረን እናተክአን ይግልገለሉ።

ጉማየ ካብ ኣጀማምርኡ ክሳብ ድሓር ናይ ተባዕትዮ ጥራሕ ኮይኑ ዋላኳ እንተፀንሐ ኣገልግሎት ጉማየ እናሰፍሐ ምስ መፀ ግን ኣንስቲ እውን ብፍላይ ፍቕረንን ማሕበራዊ መስተጋብራትን ብጉማየ መልክዕ ምግላፅ ዝጀመራሉ ጊዜ ሓፂር ዝበሃል ኣይኮነን። ጉማየ ዝተብሃለለን ሓያይም ወጀራትን ራያን ንሰን እውን መልሲ ፍቕረን ብጉማየ ይገልፃ። ሕልፍ ኢሉ ድማ ንዝገጠመን ማሕበራዊ ክስተት ተግሳፅ ክጥቀማሉ ይስተብሃል እዩ። ዓርኩ ታግየለይ ኢሉ ዝሰደዶ ጠላም ንባዕሉ ቢሂጉ ዝሓተታ ጓል ዝበለቶ ጉማየ ሓንቲ ኣብነት እያ። እዛ ጉማየ ካብ ብደረቑ “የኾንይ” ወይ “እምቢለይ” ሓሊፋ ስነ ምግባርን እምነትን ብግጥምን ዜማን ኣፀቢቓ እተምህር ጥበብ እያ። እከለ ንእከለ ሓቲቱዋ የኾንይ ኢላቶ ምባሉ ታራ ወግዒ ወይ ሕመታ እዩ ክኾን፤ ነገር ግን ከም እታ ትሕቲ ኢላ ዘላ ጉማየ ኮይና ምምፅኣ ባህሊ፣ ስነምግባር፣ እምነትን ተኣማሚነትን ካብ ምርኣይ ሓሊፉ ኣብ እዝኒ ሰምዓይ ብዘይርሳዕን ብዘዘናግዕን መልክዑ ቐሪባ መልእኽታ ብኣግባቡ ተብፅሕ።

ንእሽተይ ነፀላ ስልዕ ቕድድ*[3]
ተጋ ለሚ ዘበን ባዕለ ገድድ
ኣይኸዱዎይ ዓርኪ መሓዛኻ
ሕማቕ ዎኡ ነፋሒ ካብድኻ

ዘመን ብዝተቐየረ ጊዜ ማሕበራዊ መስተጋብር፣ እምነት፣ ስነ ምግባር እንትሸርሸርን “ኣነ ገድድ” ካብ እምነት መሓዛ በሊፁ እንትመፅእ ገለ ድማ ካብ ስጋዊ ስሚዕቶምን ባህጎምን ሓሊፎም “የኾንይ” ሰብማ ሰብ ልገብሮ ምግባሩ፣ እምነቱ ማዕተቡ ድኣኾነይ ኢሎም ብእምነቶም ዝፀንዑ ኣይጠፉኡን።

---

[2] ካብ ቡዙሓት ቃለ መሕትታትን ተረኻትን ዝረኸብኩዎ ኮይኑ ፀሚቜ ብናይ ባዕለይ ኣቀራርባ ዘቕረብኩዎ እዩ።
[3] ካብ ጋዜጠኛ ኣብርሃ ታደሰ ዝወሰዱኹዋ እያ።

እዛ ሓያም ዓድና እውን ሓንቲ ኣብነት ናይዙይ ዘይስነምጋባራዊ ጥልመት መሓዛ እየ በሃላይ ትእርም ኣላ። ኣብ ግጥምታትን ዜማታን ጉማየ እዚኦምን ከምዚኦም ዝበሉ ማሕበራዊ ተግሳፃትን ኣረምቲ ትሕዝቶታትን ብሰፊሑ ይርከቡ።

ጥበብ ጉማየ ብሃበ ተረኽበ ግጥምጥም ኣጋጣምታት ወይ ተጓንፎታት ብቐሊሉ ከም ባርዕ ሓዊ ዝልዓል ሰደድ ስምዒት ኣይኮንን። የግዳስ ጥበብ ጉማየ ረቒቕን ዓሙቕን እዩ። እዙይ እውን ካብቲ ጉማየ ብሃላይ ዝብሎ ቋንቋ ተላዒላና ትሕዝቶን ስልቲ ኣቀራርባን እንተሪኢና ብዝተፈላለዩ ከባቢያውን ማሕበራውን ክስተታትን ተርእዮታትን ዝተሃነፀ እዩ። ባህሊ፣ ርእዮተ ዓለም፣ ናይ ውልቀ ዝንባለ፣ መዋቕራዊ ስርዓታትን እሴታትን (structural systems and values) ወዘተ. ቀጥታውን ኢቀጥታውን ፅዕንቶ የሕደሩ እዮም። በዚ እውን ጉማየ ብሃላይ ሓዚልዎ ዝነበረ ሽኽሚ፣ ዝሓልሞ ሕልሚ፣ ዝፈታተኖ ልባዊ ስምዒት ንዝገዝኦን ዝነብሮን ማሕበራዊ ክስተታትን ኩነትን ብጥበቡ ይገልፅ። ስለዚ እውን እዩ ናይቲ ጥበበኛ (ብሃላይ ጉማየ) ዝንባለ፣ ሕሪያ፣ ስምዒት ወዘተ. ብዝተፈላለዩ ቅዱማት እሴታትን ደረጃታት ትርጉምን (levels of meaning) ተዋቒሩ ዝነበረ ስርዓት ነቲ ጉማየ ብሃላይ ዝምስጦ ሓሳብ ፣ ንዑኡ ንዘለዓዓሎ ስምዒት እሱ ብዝመረፆ መንገዲ ገይሩ ኣብ ፅላል እቲ ዓቢዩ ማሕበረሰብ ብምዃን ብናይ ባዕሉ መንገዲን ጥበብን ዘቕርብ።

ርቀትን ዕምቆትን ፍልስፍናዊ ሓሳባት ጉማየ ንምርዳእ ከምቲ ካልእ ስነ ፅሑፍ ዓሙቕ ፍልጠት፣ ብስለት፣ ጥልቀት ሓሳብን የድሊ። ባህላዊ ድሕረ ባይታ እቶም ጉማየ ዝብሃለሎም ከባቢታትን ዓውዲታትን እውን ጉማየ ንምርዳእ ካብ ዝሕግዙ ድሕረ ባይታታት እዮም። ድሕረ ባይታ ጉማየ ብሃላይ ድማ እቲ ቀንዲ ነገር እዩ። ሓድሽ ፍቕሪ ዝጀመረ፣ ሓሳብ ዝኸበዶ፣ ህይወት ዘሰክሖ፣ ናብራ ዘማረሮ፣ ዓይኒ ፍቕሪ ዝሓዞ ወዘተ. ምስ ዝኾነ እቲ ዝብሃል ዘሎ ጉማየ ንምርዳእ ይሕግዝ እዩ። ጉማየ ብባህርያቱ ዜማን ግጥምን ተቐነባቢሮም ዝፈጥርዎ ቃላዊ ስነ ፅሑፍ ስለዝኾነ ትኹረት ሰማዓይ ኣብቲ ዜማ ወይ ኣደራድራ እቲ ግጥሚ ጥራሕ እንተኾይኑ ካብ ምዝንጋዕ ሓሊፉ ዝብሃል ዘሎ መልእኽቲ ብኣግባቡ ዘይክስትብሃል ይኽእል እዩ።

ጉማየ ንምትንታን ወይ ሓተታ ንምሃብ መጀመርታ ታሪኻዊ መዋእል እቲ ሕብረተሰብ፣ ኣወካክላን ኣወሃህባን ትእምርትታትን ትርጉማትን፣ ማሕበራዊ መዋቕራትን መስተጋብራትን ኣገላልፃ ኩነታትን እቲ ሕብረተሰብ ምፍላጥ እቲ ወሳንን እንኮን ብልሓት እዩ። ናተይ ሓተታ ጉማየ ዜማ ወይ እውን ጥረ ግጥሚ ምትንታን ጥራሕ ከይኮነስ ካብኡ ንላዕሊ ዘሎ ዓብዩ ትርጉምን ሓተታን (meaning and interpretation) ፈሊኻ ብምውፃእ ግደ ጉማየ ኣብ ምፍጣር መንነት፣ ስግግር ተግባራዊ ቕርፁን መዋቕራቱን ምድህሳስ እዩ። እዚ ዳህሳስ ንምክያድ ብዋናነት ኣብ ፍልስፈናዊ ኣረኣእያታትን ክልሰ ሓሳባትን መንነት ዝተደረኸ እዩ። ነዙይ ንምክያድ ድማ ክልሰ ሓሳባትን ከይድታት ትንተንኡን ካብ ኩሎም ዓወዲ መንነት ዝውግዓሎም ናይ ማሕበራዊ ሳይንስ ትምህርታትን ዘፈራት ምርምርን ይወስድ። ኣብ ነዊሕ እዋን ዝተኣከቡ ጉማየታት በቢዓይነቶም ብምኽፋል ድማ ንምትንታን ንምርኣይን ይሙክር።

## መንነት (Identity)

መን ምዃንና ከመይ ንፈልጥ? ካልኦትኸ ከመይ ገይሮም ይፈልጡና(ይፈልዩና)? ኩልና ነናይ ባዕልና "ባዕል" ወይ ናይ ኣነነት ስምዒት ኣለና። እዚ ከመይ ምስ ካልኦት ነነፃዕሮን ነዛምዶን? ሓበራዊ እንብሎ ወይ ዘመሳስለና (ምስ ካልኦት) እንታይ እዩ? ካብቲ ባዕልና ንባዕልና እንህቦ ምስሊ ወፃኢ ካልእ ምዃን ንኽእል ዶ? ብሓፈሻ እዞም ኩሎም ነገራት ምስ መንነት ይራኸቡ እዮም እንትንብል እንታይ ማለትና እዩ? ጀንኪንስ ከም ዝስዕብ ይገልፆ፡-

> Identity is our understanding of who we are and of who other people are, and, reciprocally, other people's understanding of themselves and of others (which includes us). The outcome of agreement and disagreement, at least in principle always negotiable, identity is not fixed (Jenkins 2004:35).

ከም ኣገላልፃ ጀንኪንስ መንነት ክልተ ገፅታታት ኣለዉዎ። ውልቃውን ሓበራውን። ይኹን እምበር እዞም ገፅታታት ኣብ ውሽጢ እቲ ዓብዩ ሕብረተሰባዊ መዋቕር እንተ ዘይኣትዮምን እንተዘይተራእዮምን ትርጉም ዘይክህልዎም ይኽእል እዩ።እዚ መዋቕራዊ ኣካል እዙይ በቲ ሕብረተሰብ ዓይኒ እንትርአን ባዕሉ ንባዕሉ እንተርኣን ዝህልዎ ምስስልን ኣፈላላይን ዝተደረኸ እዩ። መንነት። መንነት ንደቂሰባት ጥራሕ ዝተወሰነ ዘይኮነስ ንኩሎም ኣብዛ ዩኒቨርስ ዘለው ነገራት ይምልከት ይብል።

> The notion of identity applies to the entire universe of creatures, things and substances, as well as to humans, and its general meanings are worth considering the Oxford English dictionary offers a Latin root-*identitias*, from *idem*, "the same" and two basic meanings. The sameness of objects and the consistency or continuity over time that is the basis for establishing and grasping the definiteness and distinctiveness of something (Jenkins 2004:4).

ከም ጀንኪንስ መንነት ካብቶም ክልተ መለክዒታት (ምስስልን ኣፈላላይን) ብሓዲኦም ይጥቀም።መን ምስ መን ይመሳሰል ወይ መን ካብ እቲ ካልእ ይፍለ እናበለ ምርኣይ ማለት እዩ።ብተወሳኺ እውን ክልተ ተወሰኽቲ ነገራት ኣለዉ ይብል።ምምዳብ ነገራት ወይ ሰባት (to classifay things and person) ን ምምስሳል ወይ ምዝማድ ወይ ባዕልኻ ምስ ይመስለኒ ትብሎ ምዝማድ (to associating oneself with) ን እዮም። ዉልቀ ሰባት ኣብ ልዕሊ ካልኦት ውልቀ ሰባት፣ ሕብረተሰብ ምስ ካልእ ሕብረተሰብ ወይ እውን ውልቀ ሰባት ምስ ጉጅለታት ዝህልዎም ርክብ ምሕዝነትን ኣፈላላይን (relationship of similarity and difference) መሰረት ጌርና ብዛዕባ መንነት ምግላፅ ንኽእል ኢና። ፍሮን ውን እንተኾነ ምስ ጀንኪንስ ተመሳሳሊ ሓሳብ ኣለዎ።

> …identity refers to either (a) a social category, denned by membership rules and (alleged) characteristic attributes or expected behaviors, or (b) socially distinguishing features that a person takes a special pride in or views as unchangeable but socially consequential (or (a) and (b) at once) (Fearon 1999).

ንሕና መን ምዃንና ንምፍላጥ ብመሰረታውነት ካልኦት(the others) እኒመን ምዃኖም ክነንፅር ኣለና። ድሕረ ባይታና ብዘየገድስ ንሕና "ንሕና" ምዃንና "ካልኦት" እውን ካልኦት ምዃኖም ተቐቢልና እንነብረሉን እንሳተፈሉን ህይወት መንነትና እንተይፈለና ኣነ፣ ንሕና ወይ ንሳቶም ንብለሉ ኩነታት ኣይህሉን። ስለዚ መን መን ምዃኑ ምፍላጥን እንታይ ታይ ከምዝኾነ ምንፃርን ንሓተታ መንነት ከም መልዓሊ ከገልግለና ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ መንነት ኣብ ተረኽ ደቂ ሰባት ዝስረት ዉፅኢት ሕብረተሰባዊ መስተጋብር እዩ። ብኡ ልክዕ ድማ ብዝገብሮምን ብዝህልውዎን መስተጋብራቱ ሕብረተሰባዊ ልዕልና(power) ይመፅእሞ ኣካል እቲ ተረኽ ኮይኑ ይቕፅል። እዙይ ልዕልና ተረኽ ወይ እውን ታሪኻዊ ክስተት እቲ ሓደ ትሕት እቲ ሓደ ድማ ልዕል ኣቢሉ መደብ ፈጢሩ እቲ ተረብሓይ እቲ ተረኽ ተረብሓይነቱ እናረጋገፀ ይቕፅል። እዙይ ንምርዳድ ስትዎርት ሆል ፓውል ዱ ገይ ዝተብሃሉ ሙሁራት Questions of Cultural Identity ኣብ ዝብል መፅሓፎም ዝበሉዎ ነዚ ሓሳብ ከም መራጎዲ ክጥቀመሉ።

> Precisely because identities are constructed within, not outside, discourse, we need to understand them as produced in specific historical and institutional sites within specific discursive formations and practices, by specific enunciative strategies. Moreover, they emerge within the play of specific modalities of power, and thus are more the product of the marking of difference and exclusion … (Hall 1996: 4).

ሓደ ኣብ ልዕሊ ካሊእ ዓብላላይ ኮይኑ ክቕፅል፣ ሓደ መዳቢ ሓደ ተመዳቢ ኮይኑ ክመርሕ ወይ ከግልል ወይ ድማ ዓብላላይ ኣብ ልዕሊ ተዓብለልቲ ክነግስ ዝገብሮ ታሪኻዊ መስተጋብሩ እዩ። እዚ መስተጋብር እናተንከባለለ ከይዱ ኣብ ተረኹ ተኸቲቡ ድማ ክፍሊ ማሕበረሰብ ብዘርኢ መዲቡ ዓብላሊ "ጭዋ" ኢሉ ንባዕሉ ሰሊዑ ወሲዱ ነቶም ካልኦት ድማ መደብ ኣውጺኡ ይፅውዖም።

እንተኾነ ግን እዞም ካልኦት ዝብሎም ካልኦት ኢሉ ንምባል ዘለዓዕሎ ታሪኻዊ ወይ ማሕበራዊ ተግባራትን ተረኻትን ኣለውዎ እዮም።

እዞም ካልኦት ዝብሃሉ እን መን እዮም ንዝብል ሕቶ ዳኒ ካቫላር ዝሃበቶ ሓተታ ንርአ። “The other is the person or group that confers meaning upon the subject by either helping it or forcing it to adopt a particular world view and to define its position therein” (2001:121).

ስለዚ ካብ ናይ ዳኒ ሓሳብ ብምልዓል እቶም ካልኦት ዝብሃሉ በዓል መን እዮም ንዝብል ሕቶ ከከም በዓል ዋና (subject) ኮይንና ንዛረበሉን ንቀሳቐሰሉን ዓውዲ ይውሰን ማለት እዩ። ኣነ ኣብ ዝገብሮ ሓተታ ጉማየ፣ እቶም ካልኦት ዝብሎም (the others) ካብቲ ***ጭዋ*** [4] ዝብሃል ዘርኢ ወፃኢ ዘለው ዝብል ይሕዘለይ። ኣብዚ ክስመረሉ ዝደልዮ ነገር ግን ናተይ ሓሳብ ኮይኑ ወይ እውን ኣነ ዝድግፎ ሓሳብ ኮይኑ ከይኮነስ ኣብ ተረኽ (narrative) እቲ ማሕበረስብ ዝንፀባረቑ መደባት (social stratum) ወይ ክፍልታት ሕብረተሰብ ብምውሳድ ንትንተናን መፅናዕትን ንምጥቃም ጥራሕ እዩ።

ዉፅኢት ነባር ኩነታት ማለት እውን ማሕበረ ፖለቲካዊ ወይ ቁጣባዊ ለውጥታት ብቐጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ ኣብ ልዕሊ እቲ ጥበበኛ ፅዕንቶ የሕድሩ እዮም። እዞም ኩነታት መሰረት እቲ ቅዱም ነባር ስርዓት ስለዝኾኑ ነቲ ናይ ሕዚ ስርዓትን ኣረኣእያን እውን መሰረት እዮም። በዚ መሰረት ሓደ ሕብረተሰብ ከም ሕብረተሰብ መጠን ናተይ (ናይ ባዕለይ) ዝብሎም መለለዪታት መንነት ኣለውዎ።እዞም መለለዪታት እዚኦም መሰረት ብምግባር ድማ ምስ ካልእ “Other” ዝብሃል እናነፃፀረ “ኣነ እዚ እየ”ወይ “ኣነ ከምዚ እየ” ወዘተ. እናበለ መንነቱ ይገልፅ።

መሓሪ ዘመልኣክ ወርቁ “አንድ አንድ ነጥቦች በብርሃኑ ድንቄ አልቦ ዘመድ ላይ” ኣብ ዝብል ዘይተሓተመ መፅናዕታዊ ፅሑፉ መንነትን ስነ -ፅሑፍን ከም ዝስዕብ የዛምዶም፡-

> የሰው ልጅ ራሱን ከራሱ ጋር፣ራሱን ከሌሎች መሰሎቹ፣እንዲሁም ደግሞ ራሱን ከአከባቢው ጋር እየተነተነ ለመረዳትና ተረድቶም “እኔ እንድኽ ነኝ” የሚል ቅርጽ ለመስጠት ሥነ ጽሑፍን ያበጃል።በዚህም ለህልውናው ፍቺ ለመሥራት ይጥራል። በፍቺው ውስጥም “የት ነኝ(ን)? የትስ ል(ን)ኾን ይገባኛል(ና)ል?” እያለ የህላዌውን ደረጃ ይመዝናል፤ መጻኢውንም ይተልማል (2006፣1) ።

ስለዚ ኣነ እውን ጉማየ ከም ሓደ ዘርፊ ስነ ፅሑፍ ብምውሳድ ወጀረቶትን ራየቶት መንነት ንምግላፅ ከመይ ከምዝጥቀምሉ ንምድህሳስ ክፍትን እየ። ከም ሜላ መአከቢ ሓበሬታ፣ ቅድሚ ሕዚ ካብ ዝተኣከቡ (ካብ ህዝቢ ባዕለይ ዝኣከብኹዎ፣ ካብ ሰባት ዝረኸብኩዎን ካብ መፅናዕታዊ ፅሑፋትን ወዘተ.) ጉማየታት በቢ ዓይነቶም ብምምዳብ ነዚ መፅናዕቲ ዝኾኑ ብፍሉይ ብምምራፅ፣ ከከም ኣድላይኖቶም ነቲ ርእሲ ብዝህልዎም ቀረበታን ተሓሪዮም ተተንቲኖም ኣለው። ኣብዚ ልቢ ክበሃል ዝግብኦ ነገር ብሰንኪ ዋሕዲ ገፅን ትኹረት እቲ መፅናዕትን ኩሎም ብጉማየ ዝድህሰሱ ዛዕባታት ኣይተተንተኑን።

## ሓፂር ተግባራዊ ትንተና

### ኣነ እከለ እየ እከለ ድማ እከለ እዩ

ደቂ ሰባት ኣብ ጉዕዞ ህይወቶም ብዙሓት ነገራት የጋጥሙዎም። እዞም ዘጋጠሙዎም ነገራት ከከም ኣመፃፅአኦም እናተኣናገዱ ምስ ከባቢኦም እናተሳነዩን እናተናበቡን ዘርኦም የቐፅሉ። ይኹን እምበር ኣብ ህይወቶም ብሕማቕ ይኹን ብፅቡቕ ዓብዩ ዝብሃል ፅዕንቶ ወይ እውን ሳዕብየን ዘሕደረሎም ክስትት ብዝተፈላለዩ መንገዲታት መዝጊቦም ብፅሑፍ፣ ብቃላዊ ተረኻት ተሪኾም ፣ ቕርፃ ቕርፂ ገይሮም፣ ግጥምን ዜማን ኣወሃሂዶም በቢ ዓይነቱ ብዝኾነ ዓይነት ጥበብ ይገልፁን መዝጊቦም ድማ ንወለዶታት የተሓላልፉን። በዚ እውን እዩ ደቂ ሰባት ካብ ሓሳብ፣ ጭንቂ ወይ እውን ወጥሪ

[3] ጭዋ ማለት “ኣነ” ጭዋ እየ ኢሉ ንባዕሉ ዝፅውዕን ንካልኦት ክፍሊ ሕብረተሰብ ድማ ስምን ምድብን ዝህብ ብተረኹ ዓብላላይ ዝኾነ ክፍሊ ሕ/ሰብ እዩ።

ህይወት መምለጢ ዝኾኖም ጥበብ ፈጢሮም ሓሳቦም ክርስዑ ጥራሕ ዘይኮነስ ንሰብ እውን እናዝናነዩ ኣረኣእየኦም፣ ፍርሖም፣ ሓጎሶም፣ ፍቕሮም ወዘተ. ዘካፍሉ፡፡ ኣካል እዞም ጥበባዊ ፈጠራታት ደቂ ሰባት ካብ ዝኾኑ ሃፍቲታት ጉማየ ሓደ እዩ፡፡ ጉማየ ልክዕ ከምቶም ካልኦት ዓይነታት ጥበብ ኣብ ምግላፅ ፍልስፍናዊ ሓሳባት፣ ስሚዕታት፣ ምልዕዓል፣ ምድናቕ፣ ሓጎስ ወሓዘን፣ ተግሳፅ ንዘይልሙዳት ሕብረተሰባዊ ጥሕሰታት ንቡር ባህልን ዘይንቡር ነገራትን ዓብዪ ግደ ይፃወት፡፡

ጉማየ ካብ ዝንፀባለቖሎም ካብ ዝገልፃምን ሕልኽልኽ ዝበሉ ባህላዊን ሕብረተሰባውን መስተጋብራትን እሴታትን ደቂ ሰባት መንነት ሓደ እዩ፡፡ ዘርኢ ወይ ዓሌት ኣብ ህይወት ደቂ ሰባት ዓብዪ ቦታ ዘለዎ መብሃሊ መንነት እዩ፡፡ ዘርኡ ፈልዩ ኣነ እዙይ እየ(እንተውሓደ በውሽጡ ፈሊጡ) ዓሌቱ ፈላልዩ ባዕሉ ይምድብ፡፡ ዓሌቱ፣ ቤተሰቡ፣ ኣዝማዱ ወዘተ. እናበለ ድማ እቲ መዋቕር እስካብ ኣነ ዝብል ናይ ባዕል ገለፃ መንነት ይወርድ፡፡ እዚ ገለፃ መንነት ካብ ዝተሰርሓሎም ረቀቕቲ ባህሊን ተረኽን ሓደ ሕብረተሰብ ይምንጭዉ፡፡ እዞም ባህሊ፣ ልማዳት፣ ተረኻት እንብሎም ሕብረተሰብ ንባዕሉን ንስርዓተ መስተጋብሩን ንምግላፅ ዝጥቀመሎም ዘይድህሰሱ ሓሳባት፣ ቐፃልነቶምን መንነቶምን ኣብ ምሕባርን ደረጅኦም ኣብ ምሕላውን ድማ ናይ ባዕሎም ፅዕንቶ ይፈጥሩ፡፡ እዚ ፅዕንቶ ኣብ ምፍጣር መንነት፣ መዋቕርን ስልጣንን ሓደ ሕብረተሰብ ቀንዲ መዘውር ኮይኑ ንረኽቦ፡፡ ተረኻዊ፣ ባህላዊን መዋቕራውን ክፍፍል ሓደ ሕብረተሰብ፣ ኣነ ጭዋ ፣ ቡዳ፣ ዋጣ፣ ጠልጣላይ፣ ባሪያ[8] ወዘተ. እየ እናተብሃለ ድማ ይኽፈል፡፡ እዚ ከፈላ እዚ እቲ ሕብረተሰብ ካብ ዝህልዉዎ ባህላዊ፣ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካውን ታሪኻውን መዋቕራትን መስተጋብራትን ይለዓል፡፡

እዞም ልዕል ኢሎም ዝተዘርዘሩ መዋቕራት ዝድግፍዎ(ብሉፅ) ዝብልዎ ዘርኢ ይህሊ'ሞ እቲ ዘርኢ በቶም ካልኦት(The Others)ን ብባዕሉን ዝኾነ ቦታ(position) ይሕዝ እሞ ኣነ ጭዋ እየ ወይ እውን ባሪያ[5]፣ ዋጣ[6]፣ ቡዳ[7] እየ ኢሉ ንባዕሉ ይምድብ (ይፅውዕ)፡፡ ትፅውዕ እንተሎ ግን ብውሽጡ እቲ ሓቂ እንታይ ከም ዝኾነ ይፈልጥ እምበር ዓው ኢሉ ኣፉ መሊኡ ደረቱ ነፊሑ ዘይክዛረብ ይኽእል እዩ፡፡ ስለዚ ፍርቆም ይምደቡ እሞ ዘይቅበሉዎ ክኾኑ ይኽእሉ ፍርቆም ድማ "እየ" ኢሎም ብባዕሎም ይፅውዑ፡፡ ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ከባቢ ወጀራትን ራያን ካብ "**ጭዋ**" እየ ብሃላይ ወፃኢ ኣነ ከምዚ እየ ኢሉ ዝዛረብ ሰብ የለን፡፡ እዙይ ማለት ግን መንነቶም ኣይፈልጡን ማለት ኣይኮነን፣ ግን እቲ መዋቕርን ስርዓተ መስተጋብርን እቲ ሕብረተሰብ ስለዘግሎምን ስለዝንዕቖምን ድፍረት ሃሊዩዎም ብመንነቶም እንትኾርዑ ኣይስትብሃሉን፡፡ እቶም ጭዋ ኢና በሃልትን እቲ ስርዓተ መስተጋብር ዝድግፎምን ኣካላት ነቶም ካልኦት እዮም ኢሎም ብዝህብዎም ስም ይፅውዕዎም፡፡ ንባዕሎም ድማ እቲ ሕሩይ ገይሮም ሰለዝወሰዱን ስለዝኾርዕሉን ጭዋ እየ እናበሉ ብኹርዓት ንባዕሎም ይገልፁ፡፡ ብኣንፃሩ ድማ ማሕበራዊ መስተጋብራት(social interactions) ዘይድግፍዎም ዘርእታት ወይ ዓሌታት (እቶም ካልኦት) ዘግልልዎም ኮይኑ ስለ ዝስምዖም እናተሸቑረሩ ኣነ ከምዚ እየ ኢሎም ኣይዛረቡን፡፡ ነዙይ እውን እዩ ውህደት እዞም ዓሌታት ከም ቀንዲ መግለፂ መንነት ኮይኑ ሓማይን ተሓማይን ዝፈጥር፡፡

ሓደ ሕብረተሰብ ኣብ ጉዕዞ ህይወቱ ዘርኢ ምትክኡ/ምውላዱ/ ዘይቐሪ ከይዲ እዩ፡፡ እዚ ከይዲ እዚ ድማ በቶም ንቡራት መዋቕራት መሰረት ወሰኑ ሓሊዩ ይጉዓዝ (ዘይሕለየሉ ኩነታት እውን ኣሎ)፡፡ እዚ ወሰን ዘይምሕላይ ኣብ ናብራን ደቂን እዞም ተፃመድትን ፅዕንቶ የሕድር እዩ፡፡ እዚ እውን "ኣነ እዙይ እየ" "ኣነ እዙይ እየ" እናበሉ ንባዕሎም ዝፅውዑን በቶም ካልኦት እውን ዝፅውዑን ዝምደቡን ጉጅለታት ናትና እዩ ዝብልዎ ጉጅለ ዘሊሎም ናብ ካልእ ጉጅለ ስለዝኣትዩ ዘርኢ ፀዩቑልና/ፀይቓትልና ወይ እውን ደምና ፅሩይ እዩ ምስኣቶም ኣይንዋሰብን ይብሉ እሞ የግልሉዎም ወይ የፋትሑዎም፡፡

ስዒባ ቐሪባ ዘላ ጉማየ፣ ጉማየ ብሃላይ ቤተሰቡን ቤተሰብ ተፈቃሪትን ክርድእዎ ዘይክኣሉ ሓዊ(ፍቕሪ) ጆሚሩ ኣሎ፡፡ እቶም ብክልተ ወገን ጠጠው ዝበሉ ቤተሰብ ንመንነቶም ክብሉ እሺ

[5] ኣብዚ ዓውዲ ባሪያ ማለት ኣብ እንዳ ሰብ ተቖፂሩ ዝሰርሕ ኮይኑ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ተረኽ ኣመፃፅኣ ዘለዎ ዓሌት እዩ፡፡

[6] ዋጣ ዝብል ኣጠቓቕማ ኣብዚ ፅሑፍ ብዘርኡ ካብ ጭራ ዋጣ ሒዞም ዝመፁ ኣዝመርቲ ወይ እውን ብቓሎም እናዞሩ ዘዝምሩ ዓሌት ዝፍልፍል ክፍሊ ሕ/ሰብ እዩ፡፡

[7] ኣብዚ ፅሑፍ ቡዳ ማለት ብተለምዶ ጠበብቲ ተባሂሎም ዝፅውዑ ለባማት ሰባት / ሓፂን ዝቐጥቕጡ ሰብ ሙያ ዝብል ይሕዝ፡፡

*ከምዘይብልዎ ዝተረድአ ጉማየ ብሃላይ ጭንቁ፣ ስሚዒቱ፣ ውጥረቱ፣ ፍርሑን ሰቐቐኑን ከም ዝስዕብ ኢሉ ሓሎሑ ኣሰተኻኺሉ ጉማየ ይብል።*

*ጉማየ…ጉማየ…. ጉማየ ጉማይ ጉማየ*

*ማእኸል ኽልተ ከረን ሓዊ ኣንድደ*

*ለሚ ዶ ኾን ክወፅእ ብጉደ*

*እንደዕሉ ሽለ ኣምበድበደ*

እዛ ጉማየ ከምዛለቶ በተን ዝተብሃላ ተለላታት ግጥሚ ጥራሕ እንተወሲደናያ ሓደ ፍቕሪ ዝሓዞ ሰብ ኣብ ልዕሊ ሓዳሩ ወይ ፍቕረኛኡ ካሊእቲ ምፍታዉን ፍቕራዊ ርክቡ “ጉዱ” ሰግኣት ተፈለጥኩ ኣይተፈለጥኩ ፈጢሩሉ ጭንቁ ንምግላፅ ዝበላ ጉማየ ኮይና ንረኽባ። ይኹን እምበር ካብ ባህላዊ፣ ተረኻውን ማሕበራው መስተጋብራት እቲ ጉማየ ብሃላይ ሕብረተሰብ ብምልዓል እዛ ጉማየ ካእ ርቕቕ ዝበለ ሓሳብ ሒዛ ንረኽባ። እዚ ሓሳብ ግን መንን ኣብ ምንታይ ዓውዲ ኮይኑ ጉማየ ይብል ከምዝሎ ኣብ ግምት ብምእታው እዩ እምባር ገጢሙለይ ኢልካ ርሑቕ ትንተና ንምሃብ ኣይኮነን። እዞም ብክልተ ከረናት ተወኪሎም ዘለው ትእምርቲታት ክልተ ክተዓረቑ ዘይክእሉ ሓይልታት እዮም። እዞም ሓይልታት ዓሌት ጉማየ ብሃላይን ጉማየ ዝተብሃለላ ጓልን እዮም። ወሰን ዘርኢ እቶም ክልተ ዘርኢታት ድማ ብዓሙቕ ቦታ ተወኪሉ ኣሎ። ጉማየ ብሃላይ እዞም ክልተ ኣኽራናት ከምዘይትዓረቕሉ ፈሊጡ (ንቡር መዋቕር እቲ ሕብረተሰብ ስለዝኾነ) ሓሳቡን ስግኣቱን ይገልፅ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ፍቕሪ ዝሓዞ መንእሰይ ጭንቁ “**ለሚዶ ኾን ክወፅእ ብጉደ**” እናበለ ዘስቖንቑን። መፍቀራይ ምፍቃሩ እኳ እንተፈተዎ እቶም ክልተ ክትዓረቑ ዘይመስሉ ኣኽራናት ግን ዓበይቲ ስግኣቱ እዮም። ክልቲኦም ወገናት እውን ገሊኦም ኣዋሪዱና ገሊኦም ደፊሩና ምባሎም ኣይቐርን። እምበኣር እዚኦምን መሰል ውጥረታትን ካብ ዘርእኻ ወፃኢ ምፍታው ዘሳቐቕዎ ጎበዝ ዝበሎ ጉማየ እዩ። ኣብዚ ሓደ ክርሳዕ ዘይግብኦ ነገር እንተልዩ፣ ጉማየ በቲ ዝብሃለሉ ዓውዲን ብሃላይ ጉማየን ይውሰን እዩ። ዝበዝሕ ግዜ ጉማየ መተንፈሲ ውሽጣዊ ዝተዓበሰ ሓሳብን ውጥረት ስነልቦናዊ ሓሳባትን ኮይኑ ኢና ንረኽቦ። ዳርጋ ኩሎም ጉማየታት መተንፈሲ ምኽንያት ስግኣት፣ ጭንቂ፣ ሓሳብ ኮይኖም እዘቲ ዝፈጥሩዎ ድባብ እውን ብሉ ልክዕ ቅልል ኢሉኳ ትሰምዖ ዘይኮነስ ዝሕል ብዝበለን ውሽጥኻ ብዝንክእ ድባብን ይስማዕ።

ዘርአይ ዝውነነሉ ኣብዚ ወገን እዩ ዝብሉ ጉጅለታት መዋቕሮም፣ ባህላዊ ተረኾምን ልማዶምን ሓሊዮም ይቕፅሉ፤ ዘይዕዱል ኣፍቃሪ ድማ ወሰን ሰጊሩ ይፈቱ እሞ፡

ጉማየ…ጉማየ…. ጉማየ ጉማይ ጉማየ

ትበላዕት ሃም ጎጎ ወላዲ

ትፈራሕት ሃም ሹመኛ ዓዲ

ኣዕበድኺኒ ሃምኣነ ዕበዲ

ኣዉፃእኽኒ ካ ፍቓድ ወላዲ

ጉማየ…ጉማየ…. ጉማየ ጉማይ ጉማየ እናበለ ፍቕሩ ብጉማየ ኣቢሉ ይገልፅ።

ወላዲ ብባህልን ሕብረተሰባዊ ልምዱን ኣቢሉ ዘርኡ ከቐፅል ይደሊ። ንውላዱ ድማ ባህሉ ብዝሓለወ መልክዑ ብኽብሪ መሪቑ/መሪቓ ብፍቓድ ጉጂ(ሓዳር) የትሕዝ። በቲ ባህሊ እቲ ሕብረተሰብ መሰረት ወለዲ ንውላዶም ትኾኖ እያ ኢሎም ዝኣመኑላ ጓል ዘርኣ፣ ሃፍታ፣ ባህሊ ስራሕ ወለዳ፣ ሃይማኖቶምን እምነቶም ኣፃሪዮም ንወዶም ይሓፅዩ። እዚ ሕፀ በቲ ውላድ ተቐባልነት ዘይክረክብ

ይኽእል እዩ። ብዙሕ ግዜ እውን የጋጥም እዩ። ውላድ እምቢ ዝብለሉ ምኽንያት ካሊእ ብፍቓዱ ውሽጡ ዝፈተዎ ቆልዓ ብዝተፈላለየ መንገዲ ተላሚዱ ፍቕሪ ሒዙዎ ክኸን ይኽእል እዩ። እዚ ዘይ "ቅዱስ" ፍቕራዊ ርክብ እዞም ቆልዑ ብወለዲ ተቐባልነት ኣይህለዎን። ወላዲ ኩሉ ነገሩ ኣፃሪዩ መሪቑ ማለት እውን ዓሌታ፣ ሃይማኖታ፣ ማዕተባ፣ ሃፍታ ወዘተ. ዘየምፅኣ ጋሻ ስለዝኾነት። እዚ ምፅራይ ድሕሪ ባይታ እዛ ቆልዓ ኣብ ምቕፃልን ምሕላውን ሕብረተሰባዊ ደረጃን ናይ ባዕሉ ግደ ይፃወት። ነዚይ እውን እዩ ወለዲ ኣፅርፍኻና/ኺና ካብ ፍቓድና ወፂኻ/ኺ ዝ/ትብሃል፣ ምኽንያቱ ካብ ፍቓድ ምውፃእ ብዙሓት ጣጣታት ስለዘለውዎ።

ንባዕሉ "**ጭዋ**" እየ ኢሉ ዝምድብ ሰብ ዝግብኣ ወይ ትግብኦ (ብዘርኢ መሰረት) መን ከምዝኾነን መን ከምዘኾነትን ነንባዕሎም ይፋለጡ እዮም። እዙይ እናፈለጠን እናፈለጠ ድማ ዝጥሓሰን ወዲ ዝብሎ ጉማየ ካብቲ ቅሉዕ ግጥሚ ሕልፍ ኢልና እንተሪኢና እቲ ዓብዪ ምውፅእ ፍቓድ ዘርኣዊ እዩ። መሰመር ዘርኢ ጥሒሱ ኣይሰምዕን ኢሉ ዝገብሮ ዓሌተዊ ውስብቲ እዩ። ነዚይ እውን እዩ ኣውፃእኽኒ ካብ ፍቓድ ወላዲ እናበለ ጥሕሰት ፍቓድ ወለዱ ኣብ ኣደባባይ ንስሃ ብዝመስል መልክዑ ብምእዋጅ ፍቕሩን ሓጥያቱን ዘስቆንቅን።

ነቲ ልዕል ክብል ዝቐረበ ጉማየ ጥሕስት ሕብረተሰባዊ መስተጋብር ብዝፃረር መልክዑ ድማ ካብ እዛ ንሱ ጭዋ ዝብላ(ዝኾነት) ጓል ዓበይቲ (ብኽልቲኡ ወገን ዓዲቦን ዓዲ እኖን) እንትዋሰብ ወይ እንትፈቱ ከም ዝስዕብ ጉማየ ይብሃለላ፦

*ጉማየ...ጉማየ.... ጉማየ ጉማይ ጉማየ*

*ደረት ፀሓይ ጨራ*

*ሳርባ ልዓት ከራ*

*ኣላጆ ዓዲኺ ዓዲ ጉራ*

*ዓፀላ ዓድኺ ኻብዲ ሽላ*

*ዕልባት ዓድኺ ኣፎቖላ*

*ሃም ካላሽን ሳላሳ ዕያላ*

*ሃም ወጅግራ ወድኖ ደይብላ*

***ትወላድት ሃም ፀሓይ ኸልላ***

*ሃምዓላ ጓል ኣለሙ ተላ*

ፀሓይ ብቐርፃ ምልእቲ ክቢ እያ። ዙርያኣ ዝተዛነፈ ወይ ውፅእ እትው ዝበላ ሓላፍ ዘላፍ ቅርፂ ያብላይ። ዓይንኻ መሊእኻ ልምርኣይ እኳ ዘይትከኣል ምልእቲ ኣካል እያ። ጉማየ ብሃለይ ዓሌት ትፈቃሪት ምስፀሓይ ኣዛሚዱ ይገልፅ ኣሎ። ኩለን እትውለደለን ቦታታት ብዓዲ ኣቦኣ ኮነ ብዓዲ እኖኣ ምንም ዝሕመ ዓሌት ዘይብላ ፅሩይቲ ዓሌት ምኧና **"ትወላዲት ሃም ፀሓይ ኸልላ"** ተባሂሉላ። ዓዲ ዓበይቲ ምስ ጓል ዓበይቲ ተተሓሒዙ ዘርኢ ተፈቃሪት ብኽልቲኡ ወገን "ዕርይቲ ከም ማይ ንጉሆ" ከም ዝብሃል ዕርይቲ ምኧና ብጉማየኡ ኣቢሉ የመላኽት። እዛ ከም ፀሓይ ኾሊላ ትውለድ ጓል ንመውስቦ ብዙሕ ሰብ ይደልያ እዚ እውን ፅብቐቲ ስለዝኾነት ጥራሕ ከይኮነስ ካብ ዘርኢ "ጭዋታት" ስለ ትውለድን (በዓልቲ ዕርይቲ ዘርኢ) ወይ እዉን ብዓልቲ ብዝሕቲ ዓሌት ስለዝኾነትን እዩ። ማለት እውን ዘርኢ ወለዳ ዘይተሓወሰ (ካብቶም ካልኦት ዝብልዎም) ዘይወለዱን ዘይተዛመዱን የግዳስ መስመር መንነቶም ሓሊዮም ዝኸዱ ዘለው ዓሌት ምኧኖም ካብቲ ጉማየ ንርዳእ። ነገር ዓሌት ኣብ ዝኾነ ቦታ ካብ እንዳ እከለ ወይ ምስ እንዳ እከለ ይዛመዱ/ ይውለዱ እዮም ተባሂሉ ኣብ ዝፃረየሉ ማሕበራዊ መዋቕር ፅሩይ ዓሌት ሒዝኻ ምርኻብ ዝያዳ ተመረፃይ ይገብር። ሕሪያ ጉማየ ብሃላይ ድማ ሙሉእ ዓሌታዊ ሕመታ ዘይብላ ቆልዓ ምፍታው መንነታ ከምመበገሲ

ብምግባር የሞግስ። እዚ ሙገሳ ኣብ ዘላቕነትን ቐፃልነትን እቲ ማሕበራዊ መዋቕርን መስተጋብርን ከም መርኣያ ብምኳን ድማ የገልግል።

ጉማየ ብምልልስ ዝብሃለሉ ኩነተ ሓደ መግለፂኡ እዩ። እዚ ምልልስ ኣብቲ መድረኽን ዓውድን ወይ እውን ኣብ ዝተወሰነ ዝተብሃለ ጉማየ ናብ እዚ እቲ ሕብረተሰብ ብዝተፈላለየ መልክዑ ምስበፅሐ መልእኽቲ እቲ ጉማየ ዝምልከቶ ኣካል ብዝተፈላለየ መልክዑ መልሲ ግብሪ ይውሃበሉ። ኣብዚ ብመልክዕ ወቐሳ፣ ፀርፊ፣ ምንእኣስ ወይ ሰብእነት ብዝትንክፍ ዝቐርብ ጉማየ ዝበዝሕ ጊዜ ብቀጥታ ዘይክኸውን ይኽእል እዩ። እዙይ ብቀጥታ ዘይኮነ ምግላፅ መንነት ጉማየ ዝቐርበሉ መንገዲ ከምቲ ሰብ ተኣኪቡ እናተቐባበለ ዝብሎ ዓይነት ዘይክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ትዝሕትኡ ከም ዘመላኽቶን ዓውዲ ጉማየ ከምዝፈቕዶም ዝበዝህ ጊዜ ኣብ ፅመዋ ወይ እውን ብጣዕሚ ውሑዳት ሰማዕቲ ኣብ ዘለውሉ ኩነት ይቐርብ። እዙይ ኣብ ሞንጎ ውሱናት ሰባተ ዝቐረበ ጉማየ ብ"ያበለ" ናብ ዝምልከቶ ሰብ ይበፅሕሞ ዝምለከቶ ሰብ ድማ መልሲ ግበሪ ይህብ። ነዙይ እውን እዩ ጉማየ ብመልክዕ ምልልስ ክቐርብ ይኽእል እዩ ዘበለኒ። ኣብነት፡

መንእሰይ ዓሌት ተፈታዊት ወይ ፍቕራዊ ሕቶ ዝቐርባላ ጓል ፈሊጡ ከምዘይፈለጠ ወይ እውን ንሱ ባዕሉ መኒነቱ ፈሊጡ መን ንመን ይሓትት ከምዘሎ ኣስተቢሂሉ ሕትኡ የቕርብ። ዓሌታ ዘይትፈልጥ ወይ እውን ፈሊጣ ነቱ ናዩ ዘርኢ ኒዒቓ "ሕሙይ" ዝበለት ጓል ዝተውሃበ መልሲ ግበሪ ጉማየ ኾይኑ ከም ዝስዕብ ቐሪቡ ኣሎ።

*ጉማየ…ጉማየ…. ጉማየ ጉማይ ጉማየ*

***ሕሙይ** ድበልኽኒ ናመን ሕሙየ*

*ዕልባት ዓዲኺ ገረብ ስሙየ*

*ዓዲኺለ **ዓዲ እንጉይ እንጉየ***

*መልክዓ ቆንጆ ትውልዳ **ሕሙየ***

ዘርኣ "ቡዳ" ካብ ዝብሃሉ ወገን ዝኾነት ጓል ሕሙይ እዩ ትብሎ እሞ(ወይ እውን ክዛረብ ስለ ዝደለየ)ንባዕሉ ካብቶም ካልእ ዝበሃሉ(ጭዋ) ምኻኑ ስለ ዝፈለጠ ንመንነት እታ ጓል ብግልፂ ጉማየ ኢሉ ኣብ ሕቶ እንተውድቕ ንዕዘብ። እዞም ካብ ጭዋ ኢና ብሃልቲ ወፃኢ ዘለዉ ዘርእታት ዓው ኢልካ ቡዳ፣ ባሪያ ወይ እውን ዋጣ ኢልካ ምፅዋዕ ብዙሕ ዝተለመደ ኣይኮነን፣ የግዳስ "**ሕሙይ**" እዩ/እያ እናተብሃሉ እዮም ዝፅውዑ። እዚ ጉዳይ ዘርኢ ብፍላይ ኣብ እዋን ውስብቲ ብጣዕሚ ትኹረት ተዋሂቡሉ ብዕምቆት ካብ ዝፃረዩ መስፈሪታት ሓደ እዩ። ነዙይ እውን እዩ ፍቑራት ዋላ ቅድሚ ሓዳር ኣብ ዝህልዎም ፍቕራዊ ርክብ ነኒ ባዕሎም ዝፀናንዑ(እንተውሓደ ዓሌቶም የፃርዩ)። ዝበዝሕ እዋን እቶም ኣርባዕተ ጉጅለ ነኒባዕሎም ይማረጹ እምበር ንቡር እዩ ኢሎም ካብቲ ሓደ ዓሌት ናብቲ ሓደ እና ሓረዩ ክዋሳቡ ምርኣይ ልሙድ ኣይኮነን። ካብኡ ፍልይ ብዝበለ ድማ እቶም ሰለስተ(ሕሙያት) ካብ ጭዋ ወጻኢ ዘለው ነኒባዕሎም ይዋሰቡ እዮም። እቲ መዳቢ(ጭዋ እየ ብሃላይ) ካብቲ ናዩ ማሕበራዊ መዋቕር ኣውፂኡ ኣናኢሱ ስለዝርእዮም ነኒባዕሎም ክዋሰቡ ወይ ተኻኣኢሎም ክነብሩ እንትምኩሩ ንዕዘብ። ይኹን እምበር እሶም እውን ነኒ ባዕሎም ካብ ዓሌት እንትና ንሕና ንሕሽ ይበሃሃሉ እዮም። ነዙይ እውን እዩ ኣብዛ ልዕል ክትብል ዝቐረበት ጉማየ ጉማየ ብሃላይ ዝብሃጋ ጓል ዘርኡ "ፅሩይ" ከም ዘይኮነ ኣፃሪያ(ክውረ ሰሚዓ) ሕሙይ እዩ እንትብሎ ንሱ ድማ ንሳ ባዕላ እውን (ሕሙይቲ) ብግልፂ ቡዳ ምኳና ይዛረብ ኣሎ። ኣብዚ ክስትብሃለሉ ዝግባእ ሓደ ነገር ኣሎ። "ሕሙያት" ኣሜን ኢሎም ዝቕበሉሉ ኩነት ብጣዕሚ ውሑድ እዩ። ስለዚ እታ ጓል እውን ዘርኣ ንምሕባእ ነቲ ካሊእ ዘርኢ ሕሙይ ኢላ ብምፅዋዕ ንባዕላ ጭዋ! ክተምስል ትሙክር ዘላ እውን ይመስል፣ ኾይኑ ግን እቲ ወዲ ኣቐዲሙ እዚኣ ፈሊጡ ስለዝነበረ መልክዕኺ እንተ ፀበቕኪ ካብ "ኣዛብእ" እንዲኺ ተፈጢርኺ ይብል ኣሎ። እዞም ሕሙያት ዝብሃሉ ማሕበረሰብ ዝበዝሕ ጊዜ ኣብ ውሱን ከባቢታት ስለዝርከቡ(ዝነብሩ) እቲ ዝነብሩሉ ቦታ እውን ምስ ዘርኢ እቶም ሰባት እንትትሕሓዝ ይስትብሃል።

ኣብዙይ ሓደ ክርሳዕ ዘይብሉ ነገር ካብዞም ዘርእታት ካብ ሓዲኦም ናይ ደም ርክብ ዘለዎ ሰብ ዋላ እቲ ሰብ ከይፈለጠ ጭዋ እየ እናበለ ዓብዩ ወይ ዝኾነ ታሪኽ ወይ ተረኽ ከይሰምዐ ንባዕሉ "ፅሩይ ከም ማይ ንጉሆ" ኢሉ እንተሓሰበ ኣብ ተረኽ እቲ ማሕበረሰብ ግን ዓሌቱ ንድሕሪት ቆፂሮም ሕሙይ እዩ/ያ ክብሃል ይኽእል። እዞም ሕቶ መንነትን መሰል ጉዳያቱን ድማ ኣብ ውሽጢ ጉማየ ተዓቝቦም ዜማ ተላቢሶም ናብ እቲ ህዝቢ ክምህሩ፣ ከዝናንዩን ክገርሑን ወዘተ. ይቐርቡ። በዚ መሰረት ድማ ጉማየ እናተጠቐሙ መንነቶም እንታይ ከም ዝመስል ይገልፁን የቐምጡን።

መንነት ብዙሓት መልክዓት ኣለውዎ። ነዚ ኣመልኪቱ ቴድሮስ ገብሬ ዝበሎ ኣነ ድማ ካብ መሓሪ ዘመልኣክ ወርቁ ዝወሰድኩዎ ሓሳብ ንርአ።

> የሰው ልጅ እጅግ ብዙ፣ እጅጉን ዝንቅ፣ እጅጉን ጥልቅ ማንነቶች ወይም ህልውናዎች ያሉት ባለ ብዙ ፈርጅ ፍጡር ነው። እነዚህ ማንነቶች/ህልውናዎች/ ከቶውንም በሥነ ሕይወታዊ ህላዌው (biological existence)-ከሥነ ግብራካላዊ (physiological) ምንነት፣ ከጾታ፣ ከሥርዓተ ተዋልዶ፣ ወዘተ. ጋር ተዛምዶ የሚታይ ተፈጥሮሯዊ ህላዌ- ብቻ ሊገለጹ፣ ሊፈከሩ፣ ሊወከሉም አይችሉም። ሰው ሥነ ማኅበራዊ ማንነት አለው፤ ሰው ሥነ ልቡናዊ ማንነት አለው፤ሰው ሥነ ምግባራዊ ማንነት አለው። እነዚህ ማንነቶች የሰው ልጅ በሥነ ሕይወታዊ ህላዌ ከሚቀርባቸው ከ "ጥንተ ዘመዶቹ" ከ እንስሳት እና እፅዋት ፍጹም ይለዩታል (2006፣10) ።

ካብቶም ብዙሓት መልክዓትን ዓይነታትን መንነት ወዲ ሰብ ማሕበራዊ፣ ስነ ልቦናዊን ስነ ምግባራውን መንነታት ገሊኦም እዮም። እዞም መንነት እዚኦም ካብ ነባራዊ ህይወት እቲ ሕበረተሰብ ብምልዓል ተመሊሶም ነቲ ሕብረተሰብ የርእዩ መሊሶም ድማ ይቐርፁን ዘላቕነቱ የረጋግፁን። እዞም ኣካል መንነት ዝኾኑ ተረኽን ባህል እቲ ሕብረተሰብ ኮይኖም  ድማ ምስቲ ስርዓት ርክብ እቲ ማሕበረሰብ ብሓደ ተጋጊሮም እቲ ሓደ ነቲ ሓደ እናተደጋገፉ ይነብሩ። እዞም መንነታት እዚኦም ብባህልን ማሕበራዊ ርክባትን (ተግባራት) እቲ ሕብረተሰብ መሰረት ገይሮም ዝልዓሉን መዋቕር እቲ ሕብረተሰብ ዝገልፁን ዘንፀባርቑን ፍፃመታት እዮም። ኣብዚ ዓውዲ እዚ ማሕበራዊ መንነት ክብል ከለኹ ኣብ ውሽጢ እቲ ዓብዩ ሕብረተሰብ ዘለው ሓበራዊ ዝኾኑ ተርእዮታት ንምባል እዩ። እስኪ ነዛ ንኣብነት ዝቐረበት ማሕበራዊ መንነት ትገልፅ ጉማየ ንርአ።

*የውን ሕረሰለይ ገፍሕ ግራት*

*የውን ጋዝየለይ ምስ ወጀራት*

*ዓዲ ዶ ትውዕል ምስ ዕዉራት*

ማሕበራዊ ፀጋታት(Social values)ኣብ ምህናፅ መንነት ሓደ ሕብረተሰብ ዓብዪ ግደ ይፃወቱ። እዞም ማሕበራዊ ፀጋታት ብዝተፈላላዩ መልዓሊ ምኽንያታት ተሓሲቡን ከይተሓሰበን ይልዓሉ እሞ ኣብ መዋቕር(Structure)እቲ ሕብረተሰብ ምስ ኣተዉ ከም መርኣዪ መነፅር ኮይኖም ኣብ ውሽጢ እቲ ሕብረተሰብ ዝግበር ዝኾነ ይኹን ርክብ ብአኦም ተቐይዱን ተመሪሑን ይጉዓዝ። ኣብ ጉዕዞ እዚ ማሕበራዊ ርክብ ካብቲ ንቡር መዋቕር ውፅእ ኢሉ ካሊእ መሳሊ ነገር ዝገብር ሰብ ወይ ጉጅለ እንተተስተውዒሉ ብሕማቕ ይውከል እሞ ከም መጣቐሲ ሕማቕ ኮይኑ የገልግል። እቲ ሕብረተሰብ እውን ናብ ከምዚ ዓይነቱ ነገር ንከይኣቱ ብኣብነት ኣቢሉ ንኻሊእ ይምዕድን ይቕርፅን። ሰብኣይ ኮይኑ ሃሪሱ ዝውዕል፣ እናኽኣለ ከም ዘይኽእል ኣብ ዓራት ምውዓሉ ኣብ ውሽጢ እቲ ሕብረተሰብ ዋጋ ኣየውህቦን፤ ነዚ እውን እዩ ሰበይቲ "**ዓዲ ዶ ትውዕል ሃም ዕውራት**" ኢላ ንሰብኣያ ብነገር ትወግኦ ዘላ።

ሰበይቲ ኣእቲኻ/ሓዳር/ሒዝኻ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ዝኾነ ህይወት ምምራሕ ዝፀልአት ሰበይቲ ዝበልቶ ጉማየ እዩ። እዛ ሰበይቲ ሓዳራ ከምቲ ናይ ካልኦት ሓዳር ድምቕምቕ ምልእልእ ክብለላ እንተ ኢሉ እውን በዓልቲ ዝና ክትኮን ትደሊ። እቲ ሕማቕ ነገሩ ድማ ዝና ዝብልዎ ጣጣ ብቐሊሉ ዝመፅእ ዘይምዃኑ እዩ። ስለዚ እውን ሰበይቲ ሰብኣያ ሓደ ፃዕራም ሓረስታይ ወይ ድማ ጋዛዪ "ጅግና" ክኾነላ ትምነ፤ እንተዘይኮይኑ ግን ከም ዕውር ገዛ ምውዓሉ ኣይተውሓጠላን። ሰበይቲ መስተዪ ቡን

ጎረባብቲ ምዃና የሕዝና ኣሎ፤ ምኽንያቱ እውን ሕሜታ ኣካል እቲ ተረኽን መስተጋብርን ምዃኑ እዩ።

ኣብዚ ጉማየ ወጀረቶት ጋዘይቲ/ጀጋኑ/ ኮይኖም ቀሪቦም ኣለዉ። ድሕሪ እዚ ድማ ወጀረቶት እኒ መን እዮም ኢልና እንተጠይቕና ጀጋኑ ኮይኖም ንረኽቦም። ጉማየ ብሃሊት "የውን ሕረሰለይ ሃም ወጀራት" ኣይበለትን እዚይ እውን ወጀረቶት ሰፊሕ ሕርሻ ብምልማዕ ከይኮነስ ብ ጋዝ ይፍለጡ ስለዝነበሩ እዩ። ገፊሕ ግራት ብምሕራስ ዝፍለጡ ብዓል መን እዮም? ብምግዛይ ዝፍለጡኽ እኒ መን እዮም? ገዛ ዝውዕሉ ኸ? ዝብሉ ሕቶታት እቲ ሕብረተሰብ መሰረት ጌይሩ ዝንቀሳቐሰሎም መመሳሰልን መፈላለይን ዛዕባታት መንነት እዮም። በዞም መዘውራት እዚኦም ድማ መንነት ሓደ ሕብረተሰብ ይፍለጥ ብኡኡ ድማ ይፅዋዕን ይምደብን። በዚ መሰረት ወጀራት እኒ መን እዮም ኢልና ኣብ ንሓተሉ ግዜ ንሶም ድኣ ዓዲዞም ጀጋኑ ወይ እውን እዞም ጀጋኑ እናተብሃለ ተተወግዐ ዘገርም ነገር የብሉን። ሰበይቲ ሰብኣያ ንምልዕዓል ዝደረፈቶ ጉማየ ሕርሻን ጋዝን ዋና መግለፂ መንነታት እቲ ሕብረተሰብ ኮይኖም ንረኽቦም።

ብዝተሓሓዘ መዋቕር እቲ ሕብረተሰብ እንትንርኢ ገፊሕ ግራት ዝሓርስ ዋና እዩ። ሓሪሱን ደኺሙን ድማ ዋጋ ርሃፁ ይረክብ። ጅግና ድማ(ኣብዚ ዓውዲ) ኣብ እዋን ጋዝ ህይወቱ ገቢሩ እዩ ጅግና ዝብሃል ዘሎ እሞ ዋግኡ ኣይስእንን(ካብ ዓፋር ዝተዘመተ ጥሪት)። ስለዚ እውን ሰበይቲ ሰብኣያ ክሓርሰላ ወይ እውን ጅግና ኮይኑ ክዘምተላ ትደሊ። እንተዘይኮነ ከም "ስንኩላን" ኣብ ዓራት ሃሪስካ ምውዓሉ ናይ ዘይክእሉ ድኣ እምበር ናይ "ሰብኣይ" ኣይኮነን። በዚ እውን ኣነ ሰብኣይ እየ ኢሉ ኣፉ መሊኡ ክዛረብ እንተ ድኣ ኮይኑ መጀመርታ ናይ ሰብኣይ ስራሕ ክሰርሕ ኣለዎ። ተዘይኮይኑ ብተፈጥሮ ወዲ ኾይንካ ምፍጣሩ ሰብኣይ ዘይከየብል ይኽእል እዩ። ኣደራድራ እቲ ግጥሚ ኣብ ልዕል እቲ ሕብረተሰብ ዘሎ ደረጃን መዋቕራዊ አቀማምጣ እቲ ስርዓትን የርኢ። ካብቲ ልዕል ኢሉ ዝቀረበ ጉማየ ሓረስታይ(ጎበዝ)፣ ጅግና(ጋዛዪ) ዘይክእል(ስነኩል) ዝብሉ ትርጓመ ዘለዎም መግለፅታት ሰብኡት ከምዘለው ንግንዘብ።

ወላዲ ውሉዱ ንዓቕመ ኣዳም ምስ በፅሐ ኋል ይልምነሉ። ስድራ ኋል ድማ ድሕረ ባይታ ዓዲ ወዲ የፅንዑ እሞ ጨለ ወይ እምቢ ይብሉ። ድሕረ ባይታ ወዲ ማለት ካበይ እዩ መፂኡ? ዓሌቶምኸ እኒ መን እዮም? ተባሂሉ ይፃረ እሞ "ወይለይ ንሱ ድኣ ወዲእዞም ዓበይቲ ሰብ ዓበይቲ ርስቲ ፣ ወዲዞም ጀጋኑ እኮ እዩ" ወይ እውን "ኣይ ንሱማ ወዲእዞም ህኩያት እዩ" ተባሂሉ እሺ ወይ እምቢ ይብሃል። ሰሪሑ ዕያሉን ሰበይቱን ክቅልብ ዘይኽእል እንተኾይኑ መን ኋሉ ይህቦ?

ስለዝኾነ ድማ መንነት ካብቲ ቅዱም ወላዲ፣ ዓሌት ወይ እውን ዘርኢ እቲ ማሕበረሰብ ይልዓል እሞ "ኣነኮ ከምዚ እየ" ወይ "እከለኮ ከምዚ እዩ" ተባሂሉ ብዓሌትን ዘርእን ይፍለ።

*ጉማየ…ጉማየ… ጉማየ ጉማይ ጉማየ*

*ኡሕለይቲ ዓይኒ ሃም ሰገሪ*

*ሽምጢ ረወይ ሸለፍ ኮመደሪ*

*መሸቖምቖምት ሃምጠሊ ወደሪ*

***ኋል ዓበይቲ ኋልዞም ፊተዉራሪ***

*አረ ሓራም ካስኺ ደይቓሪ*

ጉማየ ብሃላይ እታ ዝፈትዋ ኋል ትምጥኖ ድያ ኣይትምጥኖን ይፈልጥ እሞ ትምጥኖ ምዃና ምስ ኣረጋገፀ ንቤተሰቡ ተዛሪቡ ሽማግለታት ተላኢኾም ኋል ዓበይቲ ተባሂላ ብስርዓት ይልምንሉ። ኣይ እየኣይ ንዓኻስ ኣይንህበካን ኢሎም እንተ ኸልኺሎምዎ ዝኾነ ነገር ኣሎ ማለት እዩ። ብፍላይ ዘርኣዊ ጉዳይ ድማ እቲ ቀንዲ ምኽንያት እዩ። ሕሙይ ወይ ደሞም ፅሩይ ኣይኮነን ኢሎም ንዝሓሰቡዎም ወይ ንዝመደቡዎም ክፍሊ ሕብረተሰብ ውላዶም ኣይሓፅዩን። እዚ ብሕቡእ ፍቕሪ ዝጀመረ ወዲ

ስድራኺ ብዘርአይ ምኽንያት እምቢ እንተኢሎም ወይ እንተኸልኪሎምኒ ኣነ ግን ዝገበርኩ ገይረ ክወስደኪ እየ ዝዓይነቱ መልእኽቲ ይኹን መፈራርሒ የመላኽት። ሓራም ኢልኻ ምቕራይ የለይ። **"አረ ሓራም ካስኺ ደይቓሪ"** ትብል እንተሎ ብውሽጡ ስለ መንነቱ ዝኾርዐሉ ነገር ኣለዎ ማለት እዩ። ንሱ እውን ከምኣ ወዲ ዓበይቲ ይኸውን (መን ይፈልጥ)። ወይ እውን ዘሪፉ ክወስዳን ናይ ባዕሉ ክገብራን ይሕነ። ኣብዚ ክስትብሃል ዝግባእ ነገር ሰባት ብዘርኦም ተገሊሎም ወይ እውን ዓሌቶም ተናዒቖም ጓል እንትኽልከሉ ዘሪፎም ይወስዱ እዮም። ስለዚ እውን እቲ ምዝራፋ እውን ከምመማረዒተታሒዙ ኣሎ። ዘይ ምዕዳል ኮይኑ ግን ዓሌት እታ ጓል ንባዕሎም "ዓበይቲ ዓዲ" ወይ "ተወለድቲ" ኢና ኢሎም ዝኣምኑ እንተኾይኖም ዓሌት ምስ ዓሌት ከፃልእ ስለዝኽእል ዘራፋይ ኣቐዲሙ ነገራት የገናዝብ እዩ። መን ካብ መን ንኢሱ ዝብል እንተኾይኑ ዳሕና ተዘይኾነ ግን ተደፊርና ብሃልቲ ዓሌት ዓዲ ጓል ካሊእ ጣጣ እውን ከምፅኡ ይኽእሉ እዮም። ኣብዚ ዓውዲ እዚ ጓል ዓበይቲ ማለት ብትውልድን ማሕበራዊ ደረጃን ልዕል ዝበሉ ተባሂሎም በቲ ሕበረተሰብ ዝተኸበሩ ስድራ ቤት ወይ ቤተሰብ ማለት እዩ።

ምፍታው ጓል ወይ ወዲ ኢልካ ዝሕፀር ነገር ኣይኮነን። ጓል ንወዲ ትፎቱ ወዲ ድማ ንጓል ይፎቱ። ክልቲኦም ክፋተው ዝገብርዎም ነገራት ድማ ብዙሓት እዮም። ካብ ቅርፂ ሰብነት ጀሚሩ ክሳብ ዘርኢ(ዓሌት) ይልጠጥ። ፈታዊ ንተፈታዊት/ዊ ምድንናቕ ድማ ሓደ መግለፂ ፍቕሪ ኮይኑ ንረኽቦ፣ ኣብ ወጀራትን ራያን። እዞም ንተመራፃይነት ዘብቅዑ ፅባቐታት ድማ መልክዕ፣ ዘርኢ፣ ሃፍትን ዝናን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፤ ወይ ድማ ብዓብይኡ ኩሎም ተደማሚሮም ኣብ ሓደ ይርከቡ እሞ ብሉፅ/ብልፅቲ የብሉ። ዋና መግለፂ እዚ ስምዒት እዚ ድማ ጉማየ እዩ። እዚ ጉማየ ብመልክዕ ፍቕራዊ ጥበብ እንተመፀ እውን ኣብ ውሽጡ ግን ብዙሓት ባህላዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊን ወዘተ. ዝኣምስሉ ጉዳያት ብረቂቑ ብኻሊእ መልክዕ ተወኪሎም ይቐርቡ እዮም።

እዛ ሲዒባ ዘላ ጉማየ ሓንቲ ጓል ንወዲ ኣፍቂራ ዘዝየመታ ጉማየ እያ። እዛ ጉማየ ደጋዊ ፅባቐ ተፈታዊ ጥራሕ ከይኮነስ ብዓብይኡ ድማ ዘርኢ ተፈታዋይ እንታይ ከም ዝመስል ትዝቲ ኣላ። ዘይተሸራረፈ መንነት(ዘርኢ) ምስ ፅባቐ ተደራሪቦም ማሪኾምዋ ዝበለታ ጉማየ እያ።

*ኻብዲ ሰማይ ድመስል ደረቱ*
*ፅፍፃፍ ሀድሞ ድመስል ዓያብቱ*
*ሓንታይ ግራዝማችይ መዋዕልቱ*
*ኾኾብ ሰማይ ድመስል ኣዕንቱ*
*ፀሓይ ብራቕ ድመስል ዉልደቱ*

ዓሌት ተፈቃራይ ብመልክዕ ፀሓይ ተወኪሉ፣ ፀሓይ ንፅሓዩ እውን ፅሓይ ብራቕ ኮይኑ ብተለዋጢ ዘይቤ ጉማየ ተባሂሊሉ ኣሎ። ውልደቱ ምሉእ (ወዲ ጭዋታት) ከም ፀሓይ ኩልዕ ዝበለ ምንም ጎደሎ ዘይብሉ ትውልዲ፣ ምሉእ ሃፍቲ፣ ለባም፣ ወዋዕልቱ ዓበይቲ፣ መልክዑ ዝወፆ ዘይብሉ ስለዚ ፈታዊት እሰይ እንኳዕ ፈተየቶ የብል። መልክዕ እቲ ወዲ በቲ ማሕበረሰብ ተመራፃይ ዝገብሩ መስፈርቲታት ዘማልአ ይመስል። ደረቱ፣ ኣዕንቱ በቀንዱ ድማ ውልደቱ። ጉማየ ብሃሊት ዝፈተወቶ ወዲ ካብቶም ካልኦት ተብሂሎም ዝተገለሉ(ኣብ ውስብቲ)ከይኮነስ ካብቶም ልዕልና ረኺቦም ዝተኸበሩ ወገን እዩ። መዋዕልቱ ካብቶም ኣብቲ ማሕበረሰብ ዓብዩ ቦታ ዝውሃቦም ላዕለዎት "ሙሩፃት" ሰባት እዩ። ሸሞኛታት ዓዲ ዝብሃሉ ክቡራት ሰባት። ጉማየ ዝተብሃለሉ ሰብ ትውልዱ ጥራሕ ኣይኮነን። ካብ ትውልዲ እውን ትውልዲ ኣለዎ እዩ። ትውልዲ ዓሌት ጉማየ ዝብሃለሉ ሰብ ሙሉእ እዩ፣ ከም ፀሓይ ብራቕ። ኩሎም ዓሌታቱ ዘይርኻ ዝሕመ ዘይብሎም ምኺኖም እዩ። እዚ ሰብ ሕሙይ ምኾነስ ምስ እዞም ሰባት ዶ ምምውዓለ? ምውዓል 'ማ ይቕረ ጥርዓን ወይ ጉዳይ ሃሊዶዎ ስምዑኒ ተበዲለ ንምባልኪ ሃመይ ሃምለግንዮም ባዕሉ እዩ ዝፈልጣ። ሰለዙይ እውን እዩ ተፈታዊ መልክዓኛ፣ ሃፍታም (ሓረስታይ) ጥራሕ ለይኾነስ ዘርኡ እውን ፅሩይ ምኺኑ ዝምልከት ዘሎ። "ፅሩይ" ተወላዲ ምኺኑ በቲ ማሕበረተሰብ ተመራፂ ይገብሮ።

ስለዚ ኣነ እዚ እየ ወይ ኣነ (ንሕና) ከምዚ ኢና ወይ እውን እኒ እከለ ከምዚ እዮም ኢሉ እቲ ሕብረተሰብ ደረጃ ዘውፅኣሎም ወገናት መንነቶም ብምስልን ብዝህልዎም ፍልልይን ብባዕሎምን ብኻልኦትን መንነቶም እናገለፁን እናተገለፁን ይነብሩ። በዚ ድማ ባህሎም፣ ፀግኦም፣ ክብሮም፣

ልማዶም፣ ኣተሓሳስብኦምን ፍልስፍነኦምን ዝብሃሉ ረቀቕቲ ሓሳባትን ተግባራትን ኣብ ውሽጢ እዚ ጥብብ ተቐንቢቦም ይነብሩ።

## ኣካላዊ ፅባቐ (The model body)

ኣብ ምግላፅ መልክዕ ኩሉ ሰብ ነናይ ባዕሉ መለክዒ ክህልዎ ይኽእል። እዚ ብውልቀ ዝነበረ መለከዒ ይዓቢ እሞ መለክዒ ፅባቐ(መልክዕ) ሓደ ሕብረተሰብ ድማ ክኸውን ይኽውን። ኣብ ውሽጢ እቲ ፅባቐ ዓበይቲ ፍልስፍናዊ ሓሳባት ሰብነት ይንፀባረቑ ጥራሕ ከይኮኑስ ከም ሓደ መረዳእታ መዋቕራዊ ስርዓት እቲ ሕብረተሰብ እውን ኮይኖም ይቐርቡ። ቆንጆ ሓያም፣ ማዕረገኛ ኅበዝ፣ ምችኣል ድመስል፣ ዕንባቦ ፆረ ትመስል፣ ክሳድ ብርለ፣ መይራም ትመስል ወዘተ. ዝብሉ መግለፅታት ፅባቐ ንምንታይ ኣድለዩ? ሰብ ሰብ እዩ ተባሂሎም ብቐሊሉ ዘይሕለፉ? ክሕለፉ ኣይክእሉን። ምኽንያቱ ካብቲ ምግላፅ ፅባቐ ንላዕሊ ኣብ ውሽጦም ዓሞቕትን ከበድትን ፍልስፍናዊ ሓሳባት ዝሓዘሉ ብምዃኖም፤ ባህሊ ከም ባህሊ ርእሱ ክኢሉ ጠጠው ንክብል ከም ኣካልን መርኣዩን ኮይኖም ስለዘገልግሉ። እስኪ ካቫላሮ ብዛዕባ እዚ ዝበሎ ንርአ።

> Above all, the body has been redefined by the claim that the physical form is not only a natural reality, but also a cultural concept: a means of encoding a society's values through its shape, size and ornamental attributes. Images of the body pervade the structures of signification through which a culture constructs meanings and positions for its subjects (Cavallaro 2001: 97-98).

እዚ ናይ ዳኒ ካቫላሮ ሓሳብ ከም መልዓሊ ጌርና፣ ኣብ ወጀራትን ራያን ዓብዪ ዋጋ ዝውሃቦም ክፍሊ ኣካላት ተፈቃሪ/ት (ኩሎም ክፍሊ ኣካላት ተማሊኦም እንተተረኺቦም) ንኹሎም ካብ ምውዳስ ንድሓር ኣይብሉን። ዓይኒ፣ ሽምጢ፣ ደረት፣ ከንፈር፣ ሽለፍ፣ ኣፃብዕቲ ወዘተ. ኮታስ ዝፀበቐ ኣካል ይድነቕ። “የዕስ መልክዕ”! የብሉ። እዞም ዝድነቑ ኣካላት ተፈቃሪት/ሪ ኣብ ልዕሊ እቲ ሕብረተሰብ እንታይ ዓይነት ዋጋ ይህልዮም? መልዐሊ ሓሳቦምከ እንታይ እዩ? በዞም ኣገላልፃታትን መግለፂታትን ከ እንታይ ዓይነት ፍታሕ(ትርጉም) ባህሊ ንረክብ? እስኪ ኣብዛ ሲዒባ ዘላ ጉማየ ንርአ።

*ጉማየ ጉማየ ጉማይ ጉማየ*
*ሎቅምኻ ድፍታሕ ኣፃብዕታ*
*ዘንጊ ረወይ ድመስል ቑመታ*
*ዉላድ ተበን ድመስል ኣምዑታ*
*ኾኾብ ፅባሕ ድመስል ኣዕንታ*
*ሰርቢ ዝናብ ድመስል ቕናታ*

ኣብዛ ልዕል ኢላ ዝቐረበት ጉማየ ዝድነቑ ዘለው ኣካላት ጓል ኣንስተይቲ/ተፈቃሪት/ እዮም። እዞም ኣካላት እዚኦም ኣብቲ ሕብረተሰብ ውሽጢ ዓብዪ ዋጋ ዝውሃቦም ካብ ምዃኖም ሓሊፎም ንኣፍቃሪን ተፈቃሪን ዘራኽቡ ትእምርትታት ፅባቐ ፅቡቕ ሰውነት (the perfect body) ኮይኖም የገልግሉ። እዞም ተለዋጥን ኣነፃፃርን ዘይቤታት ኣብ እዝኒ እቲ ሰምዓይ ብዕጣሚ ጉሉህ ምስሊ ካብ ምፍጣር ሓሊፎም ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝመሓላለፍ ትእምርታዊ/ ውክልና ፅባቐ ይፈጥሩ። ሰመዓይ ፅባቐ ጉማየ ዝብሃለሉ/ላ ዘሎ ኣካል የድንቕ፤ እቲ ዓብዪ ነግር ግን እቲ ሕረተሰብ ካብ ምድናቕ ሓሊፉ ከየስተብሃለሉ/እስተብሂሊሉ(ተቐቢሉዎ እውን ክኸውን ይኽእል) እቲ ጉማየ ኣካል ህይወቱ ኮይኑ ቀፀልነት ይረክብ። ኣብ ውሽጢ ጉማየ ኣስማቶም ኣንተፀወዐ ዝድነቑ ሰባት ከም ቀዋሚ መለክዒ ፅባቐ/መልክዕ ኮይኖም ናይ ባዕሎም መዋእል ይፀንሑ። ኣብ ከይዲ ድማ ዋላ ብህይወት ይሃልው/ኣይሃልው ኣስማቶም ከም መግለፂ ፅባቐ እናተወሰደ ይቕፅል። ነዚ'ይ እውን እዩ ሓደ ሕብረተሰብ እቲ ዝድነቕ ኣካል ቅድሚ ትእምርት/ መግለፂ መልክዕ ምዃኑ ክቕበሎን ክስማዕምዐሉን (ከይፈለጠ እውን ክቕበሎን) ዝኽእል። ዝድነቕ ከመይ ዝበለ ኣካል ወይ እንታይ እንታይ ዘማልአ እዩ? ኢሉ እቲ ሕብረተሰብ መርኣዩ ፅባቐ ባህሉ ሓሊዩ ንፅባቐ የዚምን ንፅባቐ ድማ ትርጉም ይህብ። እዚ ባህሊ ምድናቕን ሓደ ኣካል ከም ትእምርት ብውሳድ ምውዳስን ኣብ

ካልኦት ስነ ቃላዊ ሃፍቲታት ትግራይ እውን ልሙድ እዩ።ነዚ እውን እዩ ድማ ትርጉም እንትህብ ካብትን በትን ነባራዊ መዋቕርን ባህልን እቲ ማሕበረሰብ ተበጊሱ እዩ እንብል።

ፅባቐ ንመን ከመይን ዝብሉ ናይ ባዕሉ ሕቶታት ስለዘለውዎ፣ ትርጉም እንትንህብ ድማ ካብትን በትን ነባራዊ መዋቕርን ባህልን እቲ ማሕበረሰብ ተበጊስና እዩ። ንኣብነት ኣብ ራያ ንሓጺር ዶ ወይ ንነዊሕ ጉማየ ይብሃል? ንፀላምዶ ንቀያሕ ዝበዝሐ ጉማየ ይብሃል? መኒኤን ከ ዓይኒ ተመልካታይ ይስሕባ? ንምንታይ? ምኽንያቱ በቲ ባህሊ መሰረት ኣብ ርእሲ እቲ ሕብረተሰብ ዝተቐረፀ ኣወሃህባ ፍታሕ ፅባቐ ስለዘሎ እዩ። እዚ ኣካላዊ ፅባቐ ካብ ጊዜዊ ስምዒትን ኣካላዊ ድሌትን ብተወሳኺ ፅቡቕ ዘርኢ ናይ ምትካእ ድሌት እውን ይንፀባረቐሉ። ፈታዊ ዝፈትዋ ጓል ኣብቲ ፍልስፍናዊ ኣረኣእያ ፅባቐ እቲ ሕብረተሰብ ብዙሕ ቦታ እንተ ዘይሃሊዩዋ ኩርዓትን ፍናንን ይስምዖ። ዝተዓደለ መዜማይ ብጉማይኡ ጌሩ ዕድሎታ የሞግስን የድንቅን። ሓሓሊፉ ድማ ፈጣሪ ሚሊኡ ስለዘይህብ ኣመላ ሽገ ገይሩ መልክዓ ግን ከም ሰባ ትኾን ትኽእል እያ። ለባምነት፣ ውሕልልና፣ ትውልዲ፣ ሃፍትን ማሕበራዊ ክብሪን መለክዒታት ማሕበራዊ ኩነቶም እዮም። እዞም ማሕበራዊ ኩነታት እቶም ቀንዲ መንቃሳቐስቲ መስተጋብር እቲ ሕብረተሰብ እዮም። ይኹን እምበር ኩሉ መሊኡ ዘይክርከብ ይኽእል እዩ። እዙይ ዘጋጠሞ ንሰበይቱ(ዝፈተዋ) ከሞግስ ዝደለየን ጉማየ ብሃላይ፡

*ጉማየ...ጉማየ... ጉማየ ጉማይ ጉማየ*
*ጓል ኣቦይ ቓሺ ጓል መምህረየ*
*ሃም ኣያዋይ ፀላሊት ገበነየ*
*መልክዕ ሃም ሃገራ ሕልፊ ፀባይየ*
*ገበርኺኒ መስሐቚ ጎረባየ*

ተዋሪደ፣ ኣበላሸኽኒ፣ ካብ ንቡር ኣውፂእኽኒ ሰብ ኣነ ብዝገብሮ ይስሕቕን ይቅልድን ኣሎ። ፍቕሪ ሓዪሉኒ ናብ ገዛኹም እናመፃእኹ ሰብ እናርኣየ ይስሕቐኒ ኣሎ ኢሉ ውረደት ክብሩን ማሕበራዊ ደረጅኡን ብኣኣ ምኽንያት ከምዝኾነ የማርር። እዛ መረረት ግን ልኣኺ ከብ ምርካብ ኣይትበልፀንን ኢሉ ፍቶቱ፣ ልኣኣ ዘለዎ ክበሪን ዓሌታ ኣመፃዕኣኣ ብምፅራሕ የሞግስ።

ኣብ ውሽጢ እቲ ሕብረተሰብ ብደረጃ መልክዕ እንተኸይድና እታ ቆልዓ መልከዐኛ ኮይና ቀልቢ ሰብ ትስሕብ ኣይኮነትን፤ መልክዓ ሓሚቑ እኽኽ ትብሃል እውን ኣይኮነትን ፣ ሃም ሃገራ እያ። ትውልዳ ግን ፅቡቕ እዩ፤ ጓል ኣቦቐሺ፣ ጓል መምህር እያ። ልብምናለ ተኾነ ወዲ ጓና ኢላ ኣሕልፋ ለይትህብ ፀላልት ስሕተት ወዲ ሰብ እያ። ብዋናነት ጉማየ ብሃላይ(መፍቀራይ)ዝመሰጦ ግን እቲ ዝርአ መልክዕ(ደጋዊ) ከይኮነስ ውሽጣዊ እዩ። ፀባይ። ካብ ማንም ንላዕሊ ዝኾነ ዕድሎት ፀባይ ኣለዋ።

*መልክዕ ሃም ሃገራ ሕልፊ ፀባይየ*
*ጉማየ ጉማየ ጉማይ ጉማየ*

ከምቶም ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ መላእ ዓለም ዝካየዱ ዘለዉ ውድድራት ፅባቐ ዋለኳ መድረኽ ተፈጢሩሎም እንተዘይተኻየዱ፣ ኣብ ወጀራትን ራያን ዕዳጋ ብመውፃእ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ምትእኽኻባት ብምርኻብ ፅብቕነኦም የርእዩ። ተወራዒ/ት ከም እካለ እናተብሃሉ ኣብ ናይ ባዕሎም ዓለም ብናይ ባዕሎም መለክዕን ዓይንን ዳይነቶም ሂቦም የሞጉሱ። ንፅህና፣ ጠስሚ፣ ጨናታት ወዘተ. ተጠቒሞም ልቢ መናእሰይ/ሓያይም የሸፍታ/ቱ። ነዙይ ፅባቐ ንምግላፅ ብዙሓት ጥበባት እኳ እንተሃለው ብወናነት ግን ጉማየ ቀንዲ መሳርሒ እዩ። ጉማየ ብሃላይ/ት ነታ/ቲ ጉማየ ዝብሃለሉ ሰብ ከም ፅባቐኡ መወድስ ጉማየ ይቐርበሉ/ላ። ብፍላይ ብዝኾነ ኣጋጠሚታት ተረኣእዮም ዓይኑ ፍቕሪ ዝሓዞም መናእሰይ ፍቕሮም ንምግላፅ ዝተፈራረሑ ተፋተውቲ ብመልክዕ ምልልስ ይወዳደሱን ፍቕሮም ድማ ይገላለፁን። በዚ ኣቢሎም ድማ ዘርኦም፣ መልክዖም፣ ፍቕሮም፣ ሃፍቶም ወዘተ. የንፀባርቑን የርእዩን።

በዘን ሲዒበን ዘለዋ ጉማየታት መሰረት ኣረኣእያ ሕብረተሰብ ወጀራትን ራያን ኣብ ልዕሊ ምልኩዕ ሰብነት (the perfect body) ምዕዛብ ይክኣል። እታ ቐዳመይቲ መወድስ መልክዐኛ ጓል እንትኾን እታ ኻልኣይቲ ድማ ብዛዕባ ሕማቕ መንእሰይ ልተደረፈት መልሲ ጉማየ እያ። ስለዚ መልክዐኛን ሕማቕን ብመልክዕ ኣካላዊ ገለፃ እንትንፀባረቑ ንርኢ።

*ጉማየ...ጉማየ... ጉማየ ጉማይ ጉማየ*
*ዓዲ ቓይሕ ዓዳ ዝጋደለ*
*ቓጣን ሽምጢ ሃም ረወይ ዓበለ*
*ገፉሕ ደረት ሃም ዕደ ማጋለ*
*ቓያሕ ደረት ሃም ዕምባዎ ያረ*
*ዓሳዲዋ ኻምፈር ከረመለ*
*ጨነቖኒ ሃመይ ክኾን ለለ*
*0---------0--------0---------0*
*ጉማየ ጉማየ ጉማይ ጉማየ*
*ርእሲ ላጭላንጮ ኀተና ሀበየ*
*ቦፈ ትኻድንኻ መስልኻ ንዋየ*
*ሳርባ ጫጨት ርእሲ ኩሑናየ*

ኣብ ገለፃ ኣካላዊ ፅባቐ ቑመና፣ ቕርፂ ተኽለ ሰውነት፣ ደርጊ ስኒ፣ ዓይኒ፣ ጋዕሲ፣ ሳርባ (ንመናእሳይ) ዓይኒ፣ ስኒ፣ ኽሳድ፣ ጨጉሪ ርእሲ፣ ኹሩኹሮ እግሪ፣ ኣፃብዕቲ እድ፣ ሽምጢ፣ ሕብሪ ቆርበት፣ ኣጥዋት፣ ኻንፈር ወዘተ. (ንሓያይም) ከም ቀንዲ መለክዕን ኣብቶም ዝብሃሉ ጉማየታት ድማ ብቐንዱ እንትደጋገሙን እንትፅባረቑን ይስትብሃሉ። ካብዞም ፅቡቕ ዝብሃሉ መለክዕታተ ውርድ ዝበለ ወይ ጉድለት ዘይብሉ መቐለዲ ወይ ብመልክዕ ጉማየ እንትግለፅ (እንትፀራረፉ) ይርኣዩ። መንእሰይ ኮይኑ ድምድማኡ(ጋዕሱ)፣ ሳርባ እግሩ ርጉድ እንተዘይ ኢሉ የዕስ ጋዕሲ፣ የዕስ ሳርባ እግሪ፣ ኣቤት ቓላጭም ኣየ ወርዒ! እንተዘየብሉ ክዳን ተኸዲኑ እንተተሸፋፊነ ፈላጢ ይፈልጦ እሞ መላገዒ ሓያይም(ኣጓላት) ይኾን። ብኡ ልክዕ ድማ ሓንቲ ጓል ተመራዒት ዝገብራ ኣካላዊ ፅባቐ እንተማሊኣ ኩሉ ይደርፈላ። ሕልፍ እንትብል ድማ ስም ወላዲያ ብምፅዋዕ ትሙገስ።

ኣብዘን ኣካላዊ ጉማየ ዝንፀባረቓ መወድስን ምንዕዓቕን ኣብ ፍልስፍናዊ ወይ ስነፅባቓዊ ኣረኣእያ እቲ ፅቡቕ ዘላቒ ክኸውን ብምውዳስ መለክዒ (ideal) ዝኾነ ኣካላዊ ፅባቐ እንትገልፁ እቲ ሕማቕ ብምንዓቕ ክቕየርን ናብቲ ዝሐሸ ወይ ድማ ፅቡቕ ዝብሃል ሓፍ ክብልን ይገብር። እቲ ምንዕዓቕ ዝሓዘ ጉማያ ከም ዘሎ ኮይኑ መናእሰይ ደረጅኦም ሓፍ ንምባል ክብሉ መመላክዒ/ መወርዒ ዝኾኑ ቁሳዊ ነገራት እናተጠቐሙ ሰውነቶም የመላኽዑ። ሰውነቶም ከመላኽዑ ምስ ከባቢኦም ብዝበለፀ ይናበቡ። እፅዋት ይንከባኸቡ ምኽንያቱ እቶም እጽዋት ተመሊሶም መመላክዒ(መወርዒ) ሰዉነቶም እዩሞ። ነዚ'ይ እውን ድማ ከም ጨና፣ ጣዕሚ ፣ቕርፂ ወይ ተፈጥሮ እቶም እፅዋት እናተጠቐሙ መድረፊ ጉማየ ዝገብሩዎ። ኣብ መስኖ ዝኣትዎ ግራቶም ወይ እውን ክውል ኣብ ዝበለ ወለሎም(ድሕሪቤት) ከይተረፈ ነዞም ኣቑፅልእትን እጽዋትን ኣልሚያም ካብ ባዕሎም ዝተረፈ ናብ ዕዳጋ እውን ዘቕርቡዎ። ምጥቕላሉኳ እንተኸበደ ዳርጋ መነፃፀሪ ወይ ተለዋቲ ዘይቤ ዘይብሉ ጉማየ የለን። ፍቕረኛ ንምምጓስ፣ ዓሌት ንምድናቕ፣ ንዕቐት ንምንፅብራቕ፣ ቕርፂ ዋይ ኩነትታ ንምግላፅ ዝኾነ መነፃፀሪ ወይ መግለፂ ዝኸውን ዘይቤ ኣብ ውሽጢ ጉማየ ኣይሰኣንን። ዕሙቕ ኢሉ ድማ ከባቢያዊ ፍልጠቶም ብጣዕሚ ዝገርም እዩ። ካብ ጣዕሚ ጮና ክሳብ ምልምል ተኽለ ሰውነት ካብ ቆላሕታ ዓይኒ ክሳብ ከያይዳ ብዝተፈላለየ መልክዑ ገሊኦም ብእፅዋት ገሊኦም ድማ ብእንስሳትን እናወለኩ እንነፃፀሩን ይገልፁ።

ቓጣን ሽምጢ ሃም ረወይ ዓበለ
ኣሽኩተ ጮናኺ ናግራብለ... ታባሂሉ ሃም ልተደረፈ!

## መኽምበቲ

ባህሊ ስሩ ነውሕን ሕውስውስ ዝበለን ካብ ምኻኑ ዝተልዓለ እዚ'ይ እዩ ዝብል ውፁእ ወሰነ ትርጉም የብሉን። ዮናስ ኣድማሱ (1992 ዓ.ም) ብዛዕባ ባህሊ ከምዚ ይብሉ፡- " "ባህል" የሚለው ጽንሰ ሐሳብ ውስብስብ ከመሆኑ የተነሣ፣ "ይህ ነው" ቀርቶ "እነዚህ ናቸው" የሚባሉ ፍችዎችን መስጠቱ ሲያስቸግር የኖረ፣ አሁን እንዳወዛገበ ያለ ነገር ነው።"ነዚ'ይ እውን ይመስለኒ ባህሊ ኣብ ውሽጡ ብዙሓት ዘፈራት ፍልስፍናዊ ሓሳባትን ፈጠራታትን ዘንፀባርቑ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ጥበብን ስነ ፅባቐን ዝሓቁፍ። ኣነ እውን ጉማየ ከም ሓደ ኣካል ባህሊ ትግራይ ብምውሳድ ንምድህሳስ ከም

ዝሞኮርኹዎ ዝተወሰነ ክፋል እቲ ቃላዊ ስነፅሑፉ ብምውሳድ ነታ ዝተዓለመትላ ቴማ ንምርኣይ እምበር ኩሉ እቲ ዘርፊ ስነፅሑፍ ወይ ኣካል እቲ ባህሊ ዝሸፍኖ ምድህሳስ ኣይኮነን። ስለዚ እውን ኣብቲ ተግባራዊ ትንተና ንምርኣይ ከምዝተሞከረ ጉማየን መንነትን ተነፃፂሎም ዘይኽዱ ተመጋገብቲ ኣተሓሳስባታት ምዄኖም ንዕዘብ። ባህሊ መንነት ይፈጥር፤ ከም ኣካል ባህሊ ድማ ጉማየ መንነት ይገልፅ፤ ብሉ ልክዕ ድማ ዝተፈጠረ መንነት ብጉማየ ይግለፅሞ ነቲ ዝተፈጠረ መንነት መጠንከሪን ወይ መቐፀሊ እቲ ዝተፈጠረ ተረኽ መንነት ኮይኑ የገልግል። እቲ ሓደ ኣብቲ ሓደ ዝነብሩ ክልተ ስሙራት ፍልስፍናዊ መስርሓት ኮይኖም ይርአዩ። ንምንታይሲ ብጉማየ ኣቢልካ መንነት ይፍጠር፤ ብሉ ልክዕ ድማ ዝተፈጠረሉ ይግለፀሉ፤ ብተመሳሳሊ መንነት ካብቲ ዝግለፀሉ ባህሊ ዝምንጪ መሊሱ ድማ ነቲ ባህሊ ዝፀሉ ኮይኑ ስለእንረኽቦ እዩ።

ኣብዞም ዝሓለፉ ብዙሓት ዓመታት ጉማየ መሰረታዊ ናይ መዋቕርን ኣገልግሎትን ለውጢ እናርኣየ ኣብዚ ሕዚ ዘለሉ ብርኪ በፂሑ ንረኽቦ። ብዓይኒ መዋቕር ዓይነታትን ብሃልትን ጉማየ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ እናማዕበለን እናተለወጠን ከምዝመፀ ንምርኣይ ብዘመናዊ መልክዕ ዝተደረፉ ደርፍታት ምርኣይ እኹል እዩ። ጉማየ ብዓይኒ ኣገልግሎት ድማ ካብ ሓዘን/ ቑዝምዝም ተላዒሉ ፍቐሪ፣ ፖለቲካ፣ ዘርኢ፣ መልክዕ ዝኸነ ዓይነት ምድብ ኣይውሃቦ ስሚዒት ባዶነት ዝግለፀሉ ብዓል ብዙሕ ኣገልግሎት ኮይኑ ንረኽቦ። ብኸበሮ፣ ዘመናዊ መሳርሒታት፣ ኣብ ቀረባ ድማ ጭራ ዋጣ ተዓጂቡ ምቕራብ እውን ጀሚሩ ኣሎ። ካብ መናእሰይ ክሳብ *ባፅሐይቶ* ካብ ዓበይቲ ሰብ ሃሮ ክሳብ ሓያይም ዘስቕንቑነሉ ባህሊ ኮይኑ ንረኽቦ። ኣብ መወዳእታ ድማ ጉማየ ካብቲ ዝወፀሉ ባህሊ ተላዒሉ መሊሱ ነቲ ባህሊ፣ መልክዓት ሕብረተሰብ፣ ልማድ፣ መንነት ፍቕሪ፣ ፖለቲካ፣ ጅግንነት ዝብሃሉ መግለፂ ሐሳባትን መዋቕራትን ሕብረተሰብ ዝኾኑ ረቀቕቲ ፍልስፍናዊ ሓሳባትን ስሚዕታትን የርኢ። ኣብዞም ለውጢታትን መስተጋብራት ማሕበረሰብ ትግራይ እናተደረኸ ድማ በቢጊዜኡ ተግባራቱን መዋቕራቱን እናሰፍሐን እናተቐየርን ኣብዚ ሕዚ ዘለሉ ኩነት ይርከብ።

## *መጣቐሲ*


መሐሪ ዘመልአክ ወርቁ። 2006 ዓ.ም ። "አንዳንድ ነጥቦች በብርሃኑ ድንቄ አልቦ ዘመድ ላይ" (ዘይትሓተመ) ። ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ።

ቴዎድሮስ ገብሬ። 2001 ዓ.ም ። *በይነ ዲሲፕሊናዊ የሥነ ጹሑፍ ንባብ።* ኣዲስ ኣበባ፣ኣዲስ አበባ ዩኒቨርሲቲ።

ዮናስ አድማሱ። 1992 ዓ.ም። "አስረኛንኩዋ" ፤ ሀዲስ አለማዬሁና የማኅበራዊ ሂስ ስልታቸው። በኢትዮጵያ ቋንቋዎችና ሥነጽሑፍ ክፍል፣ በቋንቋዎች ጥናት ተቋም፣ በምርምርና ኅትመት ክፍል እና በውጭ ግንኙነት ክፍል ትብብር የተዘጋጀ መድብል፤ አዲስ አበባ ዩኒቨርሲቲ፣ አዲስ አበባ፣ *ታኅሣሥ* 1፣ ገጽ 11-15።

ደበሳይ ተክለ ሙኡዝ። 1988 ዓ.ም ። "የፍቅር ይዘት ትንታኔ በራያ አከባቢ የሚሰሙ የፍቅር ግጥሞች"። (ዘይትሓተመ) ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ።

ግርማጽዮን መብራህቱ ። 1987 ዓ.ም ። *ልሳነ ዓግኣዚ ዘእም ግርማ።* ብርሃንና ሰላም ኣዲስ አበባ፣ ኢትዮጲያ።

ግደና መስፍን። 2003 ዓ.ም ። ፍካሬ ጉማየ። ሕድያት መፅሔት፣ ቁፅሪ2፣ገፅ 25።

Cavallaro Dani. 2007. *Critical and Cultural Theory*. The Athlone press: London and New

Brunswick, NJ. Fearon, J. D. 1999. *What Is Identity* (As We Now Use the Word)? California: Stanford University.

Jenkins Richard. 2004. *Social Identity*. (2nd ed.) Routledge: London and New York.

Hall, Stuart. 1996. "Who Needs 'Identity'?" In. Hall, Stuart and Du Gay, Paul (Eds.).1996. *Questions of Cultural Identity*, (1-17). London, Thousand Oaks, New Delhi: Sage.